# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 316 | 13 ሓምለ 2014 | ገጻት 8 ዋጋ 1.00 ናቕፋ



ሰንበት

ገጽ 2
ተስላ - "ሱፍልጡታዊ ፈጣሪ"




ገጽ 4
ተኹላ ኩነማ

ገጽ 5
ደባል ተቦኾ



ገጽ 6
"ክብርታትና ጸልዩኒ ጥራይ ዘይተኑ ኣነ ኣነ ንክኸውን ዘኽኣለኒዩ"

ገጽ 7
ኣብ ኣልበር እግሩ እንክንበር፡ ርኡይ ለውጢ ዘምጸአ ኣሰልጣኒ ኢሳያስ ኪዳ




## ኣብ ዓለም ዝዓበየት ዑፍ

ተመራመርቲ ስነ-ኩዕታ ኣብ ዓለም ዝዓበየ ምኻና ናይ ዝገለጽዋ ዑፍ ኣሰራት ዝሕብር ኣሰክሬን ከምዝረኸቡ ኣፍሊጦም።

ንሳቶም፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣሰክሬን ብዘገበሩዎ ምርምር፡ እታ ዑፍ 81 ኪሎ ግራም ክብደትን 7.5 ሜትሮ ንውሓት ናይ ኣኽናፍን ከምዘለዋ ኣብ መደምደምታ በጺሖም ኣለዉ።

ክልተ ዕጽፊ ናይዛ ሎሚ ኣብ ዓለም እትነብር ዘላ ኣልባትሮስ ዝተባህለ ዑፍ ዝኾነት እታ ጥንታዊት ዑፍ፡ ቅድሚ ምብራራ ናህሪ መታን ክህባ ኣብ መሬት ከላ ብኣእጋራ ክትጎዪ ትግደድ ምንባራ እቲ ሓበሬታ የረድእ። ሓንሳብ ኣብ ኣየር ምብራር ምስ ጀመረት ግን ኣብ ካልኢት 10 ሜትሮ ትሕንብብ ምንባራ እቲ መጽናዕቲ የረድእ።

እቲ ልዕሊ 25 ሚልዮን ዓመታት ዝገበረ ኣሰክሬን ቅድሚ 30 ዓመታት ኣብ ሰሜን ካሮላይና (ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ) እዩ ተረኺቡ። ክሳብ ሕጂ ከኣ እንታይነቱ ንምፍላጥ ኣብቲ ነዊሕን ዓሚቝን መጽናዕቲ ጸኒሑ።

ናይ ህንጻ ሰራሕተኛታት፡ ሓደሽ መዓርፎ ነፈርቲ ንምስራሕ ኣብ ዝኸዕትሉ ዝበሩ እዋን እዩ ነቲ ኣዕጽምቲ ብኣጋጣሚ ረኺቦምዎ።

ምርምራዊ ስርሓት ናይ ሊቃውንቲ ከምዝሕብርዎ፡ ከምዚኣን ዝኣመሰለ ዓርሞሸሽ ኣዕዋፍ ቅድሚ ሰለስተ ሚልዮን ዓመታት እዮን ጸኒተን። ምኽንያት መጽንቲአን ግን ክሳብ ሕጂ ሕንቅልሕንቅሊተይ እዩ ኮይኑዎም ዘሎ።



## ቻይና፡ ጨና ዓይኒምድሪ ናብ ምኡዝ ሽታ ዝልውጥ መድሃኒት ተማዕብል



ሊቃውንቲ ቻይና፡ ንሕማቕ ጨና ናይ ዓይኒምድሪ ናብ ምኡዝ ሽታ ዝልወጥ መድሃኒት ከምዘማዕበሉ ገለጾም።

ኣብ 1990ታት፡ ሓደ ካብቲ ብተደጋጋሚ ንሱብ ማዛ ቱሪዝም ቻይና ካብ በጺሖቲ ዝመጽም ዝበረ መረረ ኣብ ዓይኒምድሪ ናይታ ሃገር ዘጋጥም ከቢድ ሽታ እዩ።

ተመራመርቲ ናይታ ሃገር ክሳብ ሕጂ ነቲ ጸገም ዝኸውን ፍታሕ ንምንዳይ ኣብርቲዖም ክቃለሱ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ጻዕሮም ብዓወት ከምዝዛዘሙ ኣፍሊጦም ኣለዉ።

እቲ መድሃኒት ብልዕሊ 160 ባእታታት ዝቖመ ኮይኑ፡ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ወህደታት ዝምቀል እዩ። እቲ ቀዳማይ ኑዩም ሽታ ዘማዕብሉ ባክተርያ ዝቐትል መርዚ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ደድሕሪኡ ነቲ ከባቢ ጥዑም ሽታ ዝህብ እዩ።

እቲ ፍታሕ ኣካዪሚ ሱፍልጡት ቻይና፡ "ናይ መወዳእታ ፍታሕ ንዘየላቡ ሃገራዊ ጉዳይ" ተባሂሉ ተጠቒሱ ኣሎ።

ካብ 2011 ኣትሒዞም መጀመርታ ናይዚ ሕዝናዮ ዘሎና ዓመት፡ ሓሙሽተ ቻይናውያን ተመራመርቲ ኣብቲ ስራሕ ተጸሚዶም ምጽንሖም ዝጠቕሰ እቲ ምንጪ፡ ነቲ ዕማም ንምስልሳል 240,000 ዶላር ከምዝወድኡ ኣፍሊጡ።

እቲ ስራሕ፡ ኣብ ልዕሊ 60 ዓይነታት ናይ ዓይኒምድሪ ጎሓፋትን ባክተርያታት መጽናዕቲ ብምክያድ ከምጀመረ፡ ንዓኣቶም ዝቐትል ስነ-ቅመማዊ ባእታ ብምምዕባል ከምእተዛዘመን እቲ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

እቲ መድሃኒት ንሓደ ሊትሮ ካብ 8.5 ዶላር ከምዘይሓልፍ ዝኾነ ይኹን ኣሉታዊ ሳዕቤን ከምዘይብሉን እቲ ሓበሬታ ብዝወሃቦ ኣዘራዪሩ ኣሎ።

ቻይና ቅድሚ 2000 ዓመታት ኣትሒዛ ንሕማቕ ሽታ ናይ ዓይኒ ምድሪ ክትቃለስ ምጽንሓ፡ ከም መርኣያ ናይዚ ከኣ ናይ ዓይኒ ምድሪ ወረቐትን ብውሽጢ ውሽጢ ናብ ሽቓቕ ማይ ናይ ምድፋእ ኣገባብን ንመጀመርታ ግዜ ኣብታ ሃገር እዩም ተማሂዞም።





ብስራት ንተዋዳደርቲ ስእሊ ብፎቶ-ግራፍ!

ሚኒስትሪ ዜና ጨ/ስእሊ፡ ብምኽንያት ፈስቲቫል ንቱሪዝማዊ ጸጋታት ኤርትራ፡ ብሄራት፡ ቅርጺ-መሬት፡ ባህልን ልምድታትን፡ ያታዊ ክብርታትን ኣብ ዝብል ቴማ ንኸትሳተፉ ብኽብሪ ይዕድም።

1. ነፍሲ-ወከፍ ተወዳዳሪ 3 ስእሊ 30x40 C.m ዓቐን ዘለዎ፡ ምስ ኦርጂናል ኮፒ ብC.D ተሰንዩ ይቕርብ፡
2. ንውድድር ዝቐርቡ ኣሳእል ዘይተተንከፉ (ዘይተመስርሑ) ክኾኑ ይግባእ፡
3. ኩሉ ንውድድር ዝቐርብ ኣሳእል ንብረት ሚኒስትሪ ዜና ክኾኑ፡
4. ንዕውታት ተወዳደርቲ
   1ይ 30.000.00 ናቕፋ
   2ይ 20.000.00 ናቕፋ
   3ይ 10.000.00 ናቕፋ ሽልማት



ተዳሊዩልኩም ኣሎ።

እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ሓምለ 2014 ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ጨንፈር ስእሊ ክተረክቡ ንሕብር።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ.ቴሌፎን 115698/201820 ደዊልኩም ተወከሱ

ሚ/ዜና ጨ/ስእሊ


## ዩክረይን - ናይ ጸላኢ መጥቃዕቲ እትሕብር ከልቢ

ኣብ ምብራቓዊ ዩክረይን ኣብ መንጎ ሰራዊት መንግስትን ብሩስያ ከምዝድገፉ ዝግለጹ ዕጡቓትን ኣብ ዝቕጽል ዘሎ ናይ ተኹሲ ምልውዋጥ፡ ዩክረናውያን ወተሃደራት ክልተ ሰለስተ ግዜ ህይወትና ኣድሒናቶ ዝበልዋ ከልቢ መዘረቢ ማዕከናት ዜና ኮይና ቀንያ። እታ መጉበጢን መጸለልን ከተናዲ ኑዩም ወተሃደራት ጎፍ ዝበሉዮም ከልቢ፡ ብልግሲ ምስተቐብልዋ ኪይደንጎዩት እያ ውዕሉዮም ከፊሉዮም።

ናብኣዮም ዝቐንዐ ደብዳብ ከቢድ ብረት ቀቅድሚ ምትኳሱ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ትነብሕ። ወተሃደራት ኣብ ጎቦድጓዶም ይኣትዉ። ብዙሕ ከይጸንሐ ደብዳብ ይዘንብ፡ ኣብ ዝቐጽል ደብዳብ እውን ከምኡ። በዚ ዝተገረሙ እዮም ወተሃደራት፡ እታ ከልቢ ሻዱሻይ ህዋስ ኣለዋ ዝብል እምነት የሕድሮም ከምዝለዉ እዩ በቢሲ ዝገልጸ።

ሓደ ወተሃደር፡ ክሳብ ሕጂ ሰለስተ ግዜ ህይወቱ ከምዝድሓኑ ይገልጽ። እዚ ነቲ ሓሙሽተ ወተሃደራት ዘቐተለ ናይ ዝሓለፈ ረቡዕ ደብዳብ ደሚርካ ማለት እዩ፡ "ሳላኣ እየ ድሒነምበር ብረቡዕ ህይወተይ ኣይምተረፈትን" ይብል እቲ ወተሃደር።

ካብዚ ዝተላዕለ እታ ከልቢ ሰብ ዘይረኸቦ ክእክን ይምጠውላ ከምዘሎ በቢሲ ኣብ መወዳእታ ኣፍሊጡ።




ዜና ሰንበት - የማን ሃይለ

# ሰንበት ምስ ተማሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ፊዚክስ 10፡ ተስላ - "ስነ-ፍልጠታዊ ፈጣሪ" ... ዘብሎ ምኽንያታት



"ሰባት ከም ጉጣምን ኣቢ.ን ንኽስእሉኒ ጸላኢተይ ምስ ጸዓሩ ክዕውቱ ክኢሎም እየም..." ይብል ተስላ፡ "ኣብ ዕዳጋ ዝወርድ ነገር ቀልጢፉ ክንብር ከም ዘለኒ ድማ ተርዲኡ።" ብ1909 ማርኮኒ ኣብ ሬድዮ ብዝገበሮ ምዕባለ ሽልማት ኖበል ረኺቡ። ካብዚ ተበጊሱ ሬድዮ ውጽኢት ብዙሓት ክሱ፡ ብምህዞ ማርኮኒ ክሳብ ሎሚ ትፍለጥ። ኣብቲ ግዜ ማርኮኒ ሃብታም ሰብኣይ ክኸውን እንከሎ፡ ተስላ ቡተኽ ነበረ። ነዚ.ን ካልእን ምስ ረኣየዩ ከኣ "ኣብ ዕዳጋ ዝወርድ ነገር ቀልጢፉ ክንብር ኣለኒ፧" ዝበለ።

ኤዲሰን ንዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ከም ሓደ ሰለማዊ ናብ ባሕሪ ዝውሕዝ ማይ፡ ንተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ከኣ ብናህሪ እናኣዕለበጠ፡ እናተገማጠለ፡ ኣብ ቅድሚኡ ዝጸንሖ እናኣዕነወ ዝውሕዝ ውሒጅ ምኽንያቱ ይገልጽ ነይሩ። ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ንኣኻልብን ዝኣረገ ኣፍራሰን ብናይ ተስላ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ እናትሓዘ ብምቕታል፡ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሓደገኛ ምኽኑ ከእምን ፈቲኑ። ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሓደገኛ፡ ሳዕቤኑ ከኣ ሞት ጥራይ ምኽኑ ንሰብ ብምእማን ከጠራጥሮም ከኣለ።

ንዘኽሪ ኣሜሪካ ዝዳህሰሰ ኮሎምቦስ፡ መበል 400 ዓመት ዝኽሩ፡ ኣብ ዝተዳለወ ኤክስፖ (ኮሎምቦኣውያን) ንምብራህ ንክልቲኦም ዓበይቲ መሃንድሳት ናይዛ ዓለም እማመ ("ፕሮፖዛል") ከቕርቡ ተዓዲሞም። ንክልተ ኣገባባት በብወገኖም ዘማዕበሉ ኤዲሰንን ተስላን፡ ንዘይተቐያያርን ተቐያያርን ዋሕዚ ኤለክትሪክ (DC & AC) ሒዞም ቀሪቦም። ኣካየድቲ ናይቲ ኤክስፖ ንእማመኦም ድሕሪ ምርኣይ፡ ንተስላ ዝለዓለ ኣድ ሃቡዎ። 1 ግንቦት 1893 መኽፈቲ መዓልቲ ናይቲ ኤክስፖዩ ነይሩ። ብምልኡ እቲ ኤክስፖ ምስ ኤለክትሪክሲቲ ዝተሓሓዘ ብዙሕ ምርኢታት ነበሮ። ኣብታ መኽፈቲት መዓልቲ ፕረዝደንት ክለቨላንድ ስዊች ምስ ጠወቐ፡ ብተስላ ዝተዳለወ ብተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዝሰርሕ ኣምፑላት ደሚቐ ተወልዐ። ኑቲ ኤስፖ ከኣ "ኩተማ መብራህቲ" ክብሉ ከኣ ስም ሃቡዋ። ካብታ መዓልቲ ጀሚሩ ዕብለላ ኤዲሰን እናኣንቆልቆለ ከይዱ።


ተስላ ምስ ኵሉ ብደሆታቱ፡ ኑቲ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ልቡ ዝሰረቐ ስነ-ፍልጠት (ኣውራ'ኳ ምህንድስና) ፍንትት ኣይበሎን። ካብቲ ዝዓበየሉን እኹል ጸግዒ ክረኽበሉን ዝኽእል ዝነበረ ከባቢኡ ወጺኡ፡ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ሰጊሩ'ዩ ናብ ኣመሪካ ከይዱ። ጕዕዞ ተስላ ኑቲ ሕልሙ ዘማህደሉ ባይታ ንምድላይ ነበረ። ኣብቲ ቦታ ምስ ኵሉ ወጽዓታቱ፡ ኑቲ ዝሃርፎ ዕዮ ስነ-ፍልጠት ብሕቱው ኢሉ ክሰርሕ ጥራይ'ዩ መሪጹ። ኣመሪካውያን "እቲ ስደተኛ" (the out sider) ብምባል ከንንጽዎ'ኳ እንተ ፈተኑ፡ ብብልሓቱ፡ ተኣምራዊ ቀማሪ ኣእምሮኡ፡ ቀጻሊ ተማሃራይ ብምኳኑ፡ ኣዕቢዩ ብምሕሳቡ፡ ናብ ልክዕነት ዝቐረበ ብምኳኑ፡ ወዘተ. ሰዒሮም። ኣብ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ዓለምና ዓቢ ኣበርክቶ ብምግባር፡ ሓንቲ መዓልቲ ካብ ምምሃዝ ከየዕረፈ ሓሊፉ።

ኣብ ዝሓለፉ ሕታማት እዚ ዓምዲ እምበኣር፡ ንተስላ "ስነ-ፍልጠታዊ ፈጣሪ" ካብ ዘብሉዎ ዓሰርተ ምኽንያታት፡ እቶም ሸውዓተ ኣቕሪብናልኩም ኔርና። እተን ዝተረፉ ሰለስተ ከኣ ንሎሚ ነቕርበልኩም።

## 8. ክልተ ቃላት፡ ምስጢራዊ ቤት-ምርምር

ተስላ ስነ-ፍልጠታዊ ፈጣሪ ካብ ዝብሉዎ ምኽንያታት ሓደ ቤት ምርምሩ ምስጢራዊ ብምንባሩ እዩ። ፈጣሪ ሚስጢራውን ክምርመር ዘይክኣልን ምኳኑ ይገልጽ እዩ። ተስላ'ውን ብተመሳሳሊ ውዱእ ስርሑ ሒዙ ይቃላዕ ነበረ።

ተስላ ካብ ኤዲሰን ምስ ተፈልየ ናቱ ቤት ምርምር እዩ ገይሩ። ጆርጅ ወስቲንግሃውስ ዝተባህለ በዓል ኢንዱስትሪ መሃንድስ፡ ንምህዞ ተስላ ምስ ሰምዐ ሓደ ጠለብ ሒዙ ናብ ተስላ ከደ። ኑቲ ተስላ ዝፈጠሮ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ብ60,000 ዶላር ክገዝኦ ሕቶ ኣቕረበ። ካብዚ ተስላ 5,000 ብጥሪ ገንዘብ ክረኽቦ እንከሎ፡ ዝተረፈ ከኣ ኣብቲ ኢንዱስትሪ ብርኪ ኣተወሉ። ካብ ነፍሲ-ወከፍ ንሓደ ገዛ ዝተሸጠ ሃልኪ ኤለክትሪክ ከኣ 2.5 ዶላር ክወሃቦ ተሰማሚዖ። እቲ ብጥሪ ዝረኸቦ ገንዘብ ከኣ ኣብ ምምዕባል ቤት ምርምሩ ተጠቒሙሉ።



ብ1899 ኣብ ኮሎራዶ ስፑር ሚስጢራዊ ቤት ምርምር ብምስራሕ ንልዑል ድግምጋም (ፍሪኲንሲ) ይፍትኖ ነበረ። ኣብዚ ቤት ምርምር ህላወ ቀዋሚ ምድራዊ ማዕበል ከም ዘሎ ፈሊጡ። ከይዶንገየ ካልኣይቲ ቤት ምርምር ሰሪሑ። እዚ ቤት ምርምር 45,000 ኪሎግራም፡ 57 ሜትሮ ብራኸ፡ 91.4 ሜትሮ ንውሽጢ መሬት ዝኣተው 16 ናይ ሓጺን ቱቦ ዘለዎ ታወር እዩ። ካብዚ ቤት ምርምር፡ ተስላ፡ ብመገዲ እዛ ፕላኔትና ገይሩ ሓይሊ ኤለክትሪክ ከምሓላልፍ መዲቡ። እቶም ንውሽጢ መሬት ዝኣተው ናይ ሓጺን ቱቦታት ምስ መሬት ክተሓሓዙ'ሞ፡ ዓለም ምሉእ ብዘይ መተሓላለፊ ገመድ ኤለክትሪክሲቲ ክትጥቀም ዘኽእል ሓሳብ'ዩ።

ንሓሳብ ተስላ እተሰርሕ ታወር እናተሰርሐት እንከላ፡ ናይ ማርኮኒ ፈነወ ሬድዮ ተቓለሐ። ማርኮኒ ንኣጉዳሲ ግዜ ተስላ መንጢሉዎ ክበሃል ይከኣል። ነዚ ናይ ተስላ ታወር ዝመወለ ፒየርፖንት ሞርጋን፡ ድሕሪ ናይ ማርኮኒ ስራሕ፡ እቲ ናጻ ንዓለም ዝዕደል ኤለክትሪክሲቲ ኩተሓሳስቦ ጀመረ። ህንጻ ተስላ ታወር ከይተወደአ እንከሎ ከኣ ኣንሳሓበ። ተስላ እዚ ዓቢ ሓሳቡ ኣብ ፍረ ክበጽሕ ኣይከኣለን። ብ1917 እዚ ታወር ብመንግስቲ ፈረሰ። እዚ ካልኣይ ቤት ምርምር ተስላ፡ ተስላ ታወር፡ ብ2012 ማኅበር ኢ.ማን ዝተባህለ ናይ መርበብ ካርቱኒስት እኹል ገንዘብ ብምውጻእ፡ ኑቲ መሬት ዓደጎ። ቤት መዘከር ክንብሮ ምኽኑ'ውን ይንገር።


### መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቊ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቊ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ. 200454

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ


## 9. ንዕዮኡ ወትሩ ዓቢ መስዋእቲ ዝኸፍል ምንባሩ

ዓወት ናይ በላሕቲ ሰባት ምስ ሰማዕና ኣዚና ንደነቐሉ እዋን ብዙሕ እዩ። ብዓውቶም ጥራይ ዘይኮነና በቲ ቃልሶም'ውን ንደነቕ ኢና። መንፈዓት ዋጋ ከይከፈልካሉ ከም ዘይመጽእ'ውን ንምገዘብ። ተስላ፡ እቲ ስደተኛ፡ ምስ ልዕለኡ ሚዛን ዘለዎም ሃብታማትን ኣብ ቢዝነስ ናይቲ ግዜ ጸለውቲን ዝነበሩ ሰብ ገጢሙ። ኤዲሰን ንድሕሪ ምህዞ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ምሉእ ብምሉእ ክጻረሮ ጀሚሩ። ማርኮኒ፡ ብጒዝኢ ምህዞ ተስላ፡ ንዕዳጋ ቀዲሙ ብምእታው ክሳብ ሽልማት ኖቤል ክቕበል በቒዑ። ጆርጅ ወስቲንግሃውስ፡ ናይ መጀመርታ መዋሊ ተስላ፡ ካብ ውዕሎም ወጺኢ ብምህዞታት ተስላ ዓቢ ግዝኣት ኤለክትሪክሲቲ ሃኒጹ።

ተስላ መጀመርታ ኣብ ስነ-ፍልጠትን ምዕባለን ዝነበሮ ፍቕሪ ኣብ ቅንዕና ዝተሞርኰሰ እዩ። ኑቲ ዝገብሮ ዝነበረ ምርምራት ከኣ ብፍቕሪ ይገብሮ ነበረ። ተስላ እዚ ክገብር ብዙሕ መስዋእቲ እዩ ከፊሉ። ንህቡብነቱ፡ ዕድሉን ልቦናኡን ክኸፍሎ ተገዲዱ እዩ። ኑታ ንዓለም ምሉእ ብመገዲ መሬት ጸዓት ከምሓላልፈላ ዝሰርሓ ዝነበረ ታወር ድሕሪ ምትራፋ፡ ብፍሽለቱ ብዙሕ ተሳቐዩ እዩ። "ሕልሚ ኣይኮነን ነይሩ..." ይብል ተስላ፡ "ሓደ ቀሊል ስነ-ፍልጠታዊ ምህንድስና ኤለክትሪክ እዩ። ጸገሙ፡ ንዝኾነ ሰብ ክሰኣሎ ዘይክእል፡ ብዙሕ ሕቶታት ዘልዕል፡ ልቢ ዘንጠልጥልን ክቡርን ብምኳኑ ጥራይ እዩ።"

## 10. ንዓለም ከብርሃ ምኽኣሉ



ናይ ተሳላ መስርሕ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ፡ ሞተረን ትራንስፎርመርን፡ ንዓለም ዝሓሸ ዝቐልጠፈ፡ ዝሓየለን ዝሓሰረን ሓይሊ ኤለክትሪክ ክህብ ክኢሉ። ሎሚ ንገዛውቲ ዘብርህ፡ ንዝተፈላለዩ ኤለክትሪካዊን ኤለክትሮኒካዊን መሳርሒታት ዘስርሕ ዘሎ፡ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ እዩ። ኤዲሰን ዝሰርሓሉ ዝነበረ ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኣብ ባትሪ ጥራይ ኢና እንረኽቦ። ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ንኤዲሰን ኣቕሒሩዎ እዩ። ሃዊሕ ርሕቀት ክኸይድ ኣይክኣለን። እቲ ኣብ ዲናሞኡ ዝፍጠር ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ናብ ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክቕይሮ'ውን ተቓሊሱ። ኤለክትሪክ ብሓደ መገዲ ጥራይ ከም ዝውሕዝ ንኽንብሮ ክኢሉ'ኳ እንተ ነበረ፡ እኹል ፍሕፍሐ ስለ ዘይረኸበ ግን ብተደጋጋሚ ምቅይያር ዘድልዮ ኰይኑ።

ናይ ተስላ ጀነረተር ግን ከንድኡ ዝተሓላለኸት ኣይነበረትን። ንሃዊሕ ርሕቀት ኣብ ዝግዓዝሉ፡ ኩብገስ እንከሎ ኣበርቲዑ ዘምሓላልፍ መስርሕ (step up)፡ ኣብ ቦታኡ ክበጽሕ እንከሎ ከኣ ናብ ንቡር ዝመልስ መስርሕ (step down) ዘለዎ እዩ። ንገዛውቲ፡ ንትካላትን ከኣ ነናቱ ደረጃ ዘለዎ እዩ።

ንቴክኖሎጂ ሞተረ ዝመርሐ በልጁማዊ መሃንድስ ዘኖበ እዩ። ኤዲሰንን ካልኦትን ነዛ ናይ ዘኖበ ሞተር፡ ምስ ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሞተር ክሕውሱዋ ጽዒሮም ነበሩ። ግን ኣይኮነሎምን። ተስላ ግን ሰውራዊ ለውጢ ብምግባር፡ ሓድሽ ተወሳኺ ሰርኩዩት ብምልጋብ ኑቲ ካብ መስመር ዝወጽእ ዝነበረ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ተቐያያሪ ከም ዝኸውን ገበሮ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝመደቦ ከኣ ኰነሉ።

ትራንስፎርመር፡ ከምኡ'ውን ጀነረተር፡ ብሚካኤል ፈራዳይ እዮን ተማሂዘን። ክልቲኡ ምህዞታት ክሳብ ተስላ መጺኡ ዝኸፍቶ ኣብ ዕጹው ገዛዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ብሓገዝ ክልቲኡ ምህዞታት ኤለክትሪክሲቲ ንናይ ዓለም ስራሕ ክሰላስል ኣኽኢሉዎ ኣሎ።

ኣኽራን ፍስሃየ
ካ/ደ/ቤ/ት ኢብራሂም ሱልጣን

## common mistakes in English

ኣብ እንግሊዝኛ ብቱደጋጋሚ ዝርኣዩ ጌጋታት

### UN-ENGLISH EXPRESSIONS

Mistakes often result from too close a translation into English of foreign idiomatic expressions. The following are examples of such mistakes:

1. Learn by heart, not learn from out.

   Don't say: We have apoem to learn from out.

   Say: We have a poem to learn bay heart.

2. Put on weight, not put weight.

   Don't say: I have put at least three kilos.

   Say: I have put on at least three kilos.

NOTE. The opposite of "put on weight" is "to lose weight": as, "She has lost five kilos."

Source: COMMON MISTAKES IN ENGLISH

"ብሓደስቲ ሓሳባት ኣይትደነቕ። ብዙሓት ዘይቅበሉዎ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንስኻ ግን ሓቂ፡ ሓቂ ካብ ምኳኑ ደው ከም ዘይብል ትፈልጥ ኢኻ።"
- ስፒኖዛ

# ዝኽሪ መበል 40 ዓመት ፌስቲቫል ቦሎኛ
























# ተኸኣላ ከተማ

26 ክፋል

**ተኸኣላ ከተማ፡ ኣብ 2004 ሃማመተኤ ብስም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዳደሞ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፡ ከሉሄል ብዝብል ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።**





ብንያም ፍስሃጽዮን

ነጥሪ ምስ ክልተ መንእሰያት ኣብ ሆቴል ሓማሴን ተቐሚጡ ኣብ ወዕወዕ ዕላል ተጸሚዱ ምንባሩ ናይ ኣእዳዉ ምንቅስቓስ የረጋግጽ ነበረ። እቶም ክልተ መንእሰያት፡ ኑቲ መሊኦም ክጥምትዎ ዘይደፈሩ ነጥሪ፡ ጸብጻብ ናይ ስራሖም ኣቐሪቦም ምስ ወድኡ ዓይኒ ዓይኑ ክጥምትዎ ጀመሩ። "ሕራይ!" በለ ነጥሪ ኣብ ገጽ'ቶም ክልተ መንእሰያት ኣዒንቱ ኣዕለበ። "ጽቡቕ ስራሕ ኢኹም ፈጺምኩም። ግና ተወሳኺ ድማ ይጽበየኩም ኣሎ። ኣቶ ምናሴ ብዘይካ ኣሉ ተወሲኹቲ ሰራሕተኛታት ከም ዘለውኦ ክትሕብሩኒ ጸኒሕኩም?" ከረጋግጽ ጠመየም።

"እው፡ እንተዘይተጋግየ ክልተ ሰራሕተኛታት ዝረኣኹ መሰለኒ - ኣብ ወሸጢ'ውን ይህልዎኦ ይኾኑ'የን። ሓቀይ እንድየ ጆሲ?" ከረጋግጽ ንካልኣይ መሓይድቱ ሓተተ።

"ብዘይካ ኣሉ ኣረጋገጽና ክንዛረበልን ንኽእል ክልተ ርኢና ኣለና።" በለ ጆሲ ኣብ ዘይተረጋገጸ ክዛረብ ስለ ዘይደለየ።

"ክልተ እኹላት'የን ብርሃ።" መለሰ ነጥሪ ከይደንገየ። "ንስራሕና ሓንቲ ጥራይ'ያ ትኣኽለና።" ድሕሪ ምባል ኢዱ ናይ ጅባኡ ኩቲቱ ናቕፋ ኣውጽኡ። "እዚኣን ናይ ሻሂኹም'የን።" ኣብቲ ዝዘበርዎ ጣውላ ኣቐመጦ።

***

ኣብ ደረት ኣልኣን ኣዒንቱ ዝተኸለ ነጥሪ፡ "እዘን ኣጥባትኪ ደኣ ካብ ስራዕ ናይ ለሚን ዝተረኽበ ፍረ ዝመስላ ዘለዋ ደሓን ደዮን?" ብምባል ዋዛኡን ስምዒቱን ዝገልጽ ዘረባ ተዛረበ። ኣብ መንገዲ ኣስመራ ባጽዕ ኣብ ትርኩብ መዘናግዒ ቦታ ኣብ ማኪና ኮይናም'የም ዕላል ጀሚሮም። ጽልግልግ ዝበለ ምድሪ ሰማይ ብዘገምታ ክጽልምት ጉዕዞ ጀሚሩ ነበረ። ኣልኣን ኣብ ልዕሊ ነጥሪ ዝነበረቶ እምነት ሓጊዝዋ'ዩ ኣብ ምምሳዩ ክትረኽቦ ሓጊዝዋ።

"እሞ ካብኡ እንድየን!" ንዋዛ ነጥሪ ብዋዛ ዝመለሰት ኣልኣን ክምሰታኣ ኣንጻር ጸሓይ ዝተዓደመ ብርሃን ክመስል ኣብ ገጻ ደመቐ። ቀድሚ ብቓላት ምምላሳ ንደረታ ንቑልቁል ተዓዘበቶ። ኣፍቃሪኣ ኣብ ኣጥባታ ዘለዎ ኣድናቖት ትፈልጦ'ያ። 'ክትተኩሱ ዝተዳለዉ ሚሳይል' ኢሉ'ዩ ዝገልጾም። ነጥሪ ድማ ፍረ ናይ ለሚን ኢሉ ክጽውዖም ዝሰምዐት ኣልኣን፡ 'ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ኣጥባት ደዮም ዚያዳ ዝግደሱ?' ዝብል ሕቶ ኣቀላቒሉላ ነበረ።

"ብዛዕባ ዓርክኺ ቁጡብ ዕላል ኢኺ ኣዕሊልክኒ።" ክምስታ ከይተፈልዮ ዕላሉ ኣዕሞቐ። ግብረ መልሲ ከይረኸበ እንከሎ ግና፡ ኣሳሲያት ኣብ ዘለዉዎ መጺኣ ትእዛዝ ክትቅበል ተጸበየት። "ቢራ ኣምጽእልና።" ኣልኣን እንታይ ትሰቲ ከይሓተተ ባዕሉ ኣዘዘ።

"እዋእ! ኣነ ቢራ ኣይሰቲን'የ።" ተቓወመት ኣልኣን። 'ጓል በዓልቲ ባር ሰታይ ማለት ኣይኮነትን' ዝብል ሕርቃን'ውን ኣብ ኣእምሮኣ ነበረ። "ጽሟቕ ኣምጽእለይ ጓለይ!" ትእዛዝ ስምዒት ዘይዕግበት ዝተቐበለሎ ነበረ። "ኣንታ ነጥሪ እንታይ ደኣ ከምኡ ትገብር? ኣነ'ኳ ገና ጓል 19 ዓመት'የ ዘለኹ። ኣብ ባር እንተዓቢኹስ ሰኽራም ገይርካኒ!"

"ኣነ ክጸውተኪ ኢለ ዝገበርክዎ'የ።" ንተግባሩ ቀልጢፉ ናብ ጸወታ ክቕይሮ ተሰምዐ። "እምበር እናፈለጥኩዶ መስተ ክእዝዘልኪ ኮይነ። ግና ንስኺ ህዉኽቲ ስለ ዝኾንኪ ዘረባይ ክሳብ ዝዛዝም'ውን ዕድል ኣይሃብክንኒ። ዓርክኺ'ኸ መስተ ኣስትዩኪ ኣይፈልጥን ደዩ?"

"ወሪድዎ!" በለት ኣዒንታ ናብቲ ጸላም ዝወሓጦ ዝበረ ብመስኮት ተቋምቶ ዝበረት ኣጻድፍ ዓርበረብዕ እናተመልከተት። "ተማሃራይ ኩለጅ'ዩ ዓርከይ። ኣብ መጽሓፍን ትምህርትን'ምበር ኣብ መስተን ዕቡዳንን የለን።" በሉቶ ብዓርካ ከም ትኹርዕ ትዕንን ኢላ።

"እሞ ኣብ ፍቕሪ'ውን ተማሃራይ'ዩ ማለት'ዩ። ንፍቕሪ'ውን ከመይ ገይርካ ከም ተሳልዮ ኩለጅ የድልዮ'ዩ። እሞ ኣብ ትምህርቲ ጥራይ ደዩ ንፋዕ እንተላይ ኣብ ፍቕሪ? ፍቕርን ተማሃራይን ብዙሕ ግዜ ኣይሰማምዑን'የም። ምኽንያቱ ፍቕሪ ዕላል'ምበር መጽናዕቲ ስለ ዘይፈቱ!"

"ኣብ ኩሉ ንፋዕ'ዩ።" በለት ከይመለሰት ሰቐ ምባል ሕምቀት ኮይኑ ተሰሚዕዋ።

***

"ኣቶ ምናሴ ከመይ ቀኒኻ?" ፋትኤል ኣብ ዝተቛጸሩሉ ቦታ ምስ በጽሐ ኑቲ ቀዳምዎ ዝመጸ ምናሴ ብምቕሉል ኣገባብ ሰላምታ ኣቕረበሉ።

"ፋትኤል!" በለ ኣቶ ምናሴ ካብ ዝተቐመጦ ተሲኡ ዓጽፊታ እናመለሰ። "ከመይ ቀኒኻ? ወይዘሮ ታቦቱ'ኸ ከመይ ቀኒየን?"

"ደሓን'ያ! ሕጂስ ቁሩብ ተጸናኒዓ ኣላ። ኣደ ሓደ እንድያ ኮይና ከኣ። ሓደ ሓወይ ቀደም ምስ ጠፍኣ ደሃዩ ዝበሃል የብልናን። ንሱ'ዩ እቲ ጸገም። እምበር ንሱ እንተዘህሉ ነይሩ ንዓይ ጥራይ ካብ ምጥማት ምደሓነት። ዝኾነ ኮይኑ. . ."

"ንስኻ ክትነፍዕ'ዩ ዘለካ። ኣደ ወዳ እንተሓሚቑ ጥራይ'ያ ብእኡ ክትሓሰብ ትሓድር። ሕጂ ግና. . ." ዘረባኡ ስሒቡ ናብ ካልእ ክሰግር ከም ዝደለየ ኣመተ። "እዚ ጉዳይ ኣበይ በጺሑ ኣሎ?" ናብቲ ቀንዲ መራኸቢኦም ጉዳይ ኣተወ።

"ስድራ እንዳ ቈልዓ ኣዘዮም ተቖጢዖም'ዮም ዘለዉ። ዘረባኦም ሓንትን ዘይትቕየርን'ያ - ኣይብጽሕኩምናን ጥራይ'ዩ'ም ዝብሉ ዘለዉ። ጉዳይ ናይ ካሕሳ ሕጊ ክውድኦ ድማ'ዩ'ም ደጋጊሞም ሓቢሮሙና።"

"ዕርቂ ክገብሩ ኣእምንዎም።" ርእይቶኡ ሃበ ኣቶ ምናሴ። "ምኽንያቱ ደም ብዕርቂ'ምበር ብሕጊ ዝዓርፍ ኣይኮነን። ንግዜኡ ስምዒት ክህልዎም'ኳ ዝኽእል እንተኾነ ምስ ግዜ ግና ክለዝቡ ስለ ዝኽእሉ ኣይትተሓለለ። ካልእ ክብለካ ዝደሊ ማኪናኻ ወዕል ናይ ድሕነት የብላን ደዩ?"

"እንታይ እሞ ፈሊጠ ኣንታ ምናሴ!" ርእሱ እናሓኸኸ መለሰ ፋትኤል።

"መራሒ መኪና ንሽካ ክሸካ ኣይትፈልጥን? እንታይ ዘረባኡ'ዩ እዚ!" ኣቶ ምናሴ ኑቲ ሰብኣይ ጓሉ ክኸውን ዝመረጾ መንእሰይ ብጽዕቀት ጠመየ። "ቁሩብከ ደኣ?"

"ንነጥሪ ክሓቶ ኣሊኒ'ምበር ኣነ ምንም ዝፈልጦ የብለይን። ምኽንያቱ ብዘይካ ምምራሕ ማኪና ካልእ ክፈልጥ ኣይደልየንን'ዩ እቲ ሰብኣይ።" ንሓላፊኡ ኣሕሊፉ ሃቦ።

"ኣነ ግና ናይዚ ሓላፊኻ ኣካይዳ ብዙሕ ነገራት የጠራጥረኒ ኣሎ። ተኣሲርካ ኣብ ዝበርካሉ እዋን ዋሕስ ክምጽኣልካ ኣይደለየን። ሕጂ ድማ ዝኾነ ክትፈልጥ ከም ዘይደልየካ ትዛረብ ኣለኻ - ትመርሓ ማኪና ድሕነት እትዉቲ ድያ ኣይኣተወትን'ውን ኣይፈለጥካን። እዚ ሓላፊየይ ትብሎ ዘለኻ ሰብ ቅኑዕ ደዩ ኣንታ ፋትኤል?" ጥርጣረኡ ከይሓብአ ሓተቶ። "እንድዒ ደኣ ንሽካ እንታይ ትብል'ምበር ኣነስ ከምዚ ሓላፊ ርእየ ኣይፈልጥን'የ። ኣብ ልዕሊኡ ዘለካ ገምጋም ከመይ'ዩ?"

"ገምጋም ክትብል እንክለኻ?" በለ ፋትኤል ካብ ሰግኣት ከይወጸ።

"ኩሉ ኣካይዳኡ ኣንታ ፋትኤል። ምስትዮም ወደም ዝቐተልካሎም ስድራ ዘበኣሰካ ንሱዶ ኣይኮነን። ኣደኻ ካልእ ይትረፍ ኣብቲ ግዛ ከይዳ ክትመያየጥ ምስ ተበገሰት 'ንሕና ኣለናዮ' ኢሉ ዘታረፉ እዚ ሓላፊኻ'ዩ። እዚ ናይ ቅንዕና ኩይኑ ይስመዓካ እንተሎ ንሽካ'ውን ጸገም ገይርካ ኣለኻ።"

"ሓላፊየይ እንድዩ ኩይኑ ኣንታ ምናሴ!"

"ይኹን!" በለ ምናሴ ብዓወታ። "ትርጉም ሓላፍነት ዘይናቱ ኣይንዛረብ። ሓላፊ ማለት ህዝቢ ዘገልግል ናይ ህዝቢ ልኡኽ'ዩ። ኪጋገን ክእረምን ዝግባእ ሰብ ምኻኑ ድማ ክፍለጥ ይግባእ። መልኣኽ ሓላፊ ከም ዘየለ ንፈልጥ እንተኾንና ሰይጣን ሓላፊ ከም ዘየለ'ውን ንእመን። ሕሉፍ ሓሊፍካ ባዕልኻ ትዝውራ ማኪና መድሕን ኣለዋ ድዩ የብላን ዘይትፈልጥ እንተኾንካ ናትካ ሕምቀት'ምበር ናይ ሓላፊኻ ኩይኑ ኣይስመዓንን። ልክዕ'ዩ ሓላፊኻ ማለት ወላዲኻ ምኻኑ ስለ ዘይተርፎ ክትደፍሮ ጸቢኡቕ ኣይኮነን። ዝጋገ እንተኾይኑ ግና እናጸደፈ ትም ኢልካ ክትርእዮ ንዓኻ'ውን ዘሕትተካ ምኻኑ ፍለጥ።"

"በል ኣለዋ ድዩ የብላን ሓቲተ ክሕብረካ'የ።"

"ንርእሰኻ ክትፈልጥ'የ ዝሕብረካ ዘለኹ'ምበር ንዓይ ስለ ዝደለኽዎ ኣይኮንኩን ኣንታ ወዲ።" ኣቶ ምናሴ ዝተወድኦ መሰለ።

***

መሬት ድቕድቕ ጸላም ወሒጥዋ ነበረ። ኣልኣንን ነጥርን ግና ጸልማት ከይዓጀቦም ኣብ ወሸጢ መኪና ኣጽሊሎም ዕላሎም ቀጺሎም ነበሩ። "ኣልኣን ስለምንታይ ኢኺ ሰደት ቀሊልን ቀልጢፍካ ዝብጻሕን ገይርኪ ትሓስብዮ? ካብ ንዘራረብ ክንደይ ዲና ገይርና ዘለና? ትዕግስቲ ዘድልዮ ነገር ምኻኑ ኣይትስሓቲ። ብዙሓት ብዘይሕጋዊ ክሰግሩ ክብሉ ኣደዳ ሞትን ኣራዊትን ይኸኑ ኣለዉ። እዚ ኣብ ልዕለኺ ኪጋጥም ድሌት የብለይን። ንኣልማዝ ሞኽ ከም ዘብልክያ ይፈልጥ'የ።"

"መን ሞኽ ኣብልዋ?" ተፐነጨረት። "ንሳ እምብኣርያ ኣይተሳልጠላ ትብሎካ ዘላ? ከምኣ በዓልቲ ባር ኮይና ክትብር ድያ ትደልዩ ዘላ? ደሓን ሕራይ!"

ንብዮት ዝፀጸሩ ኣዒንታ ተፈርሸሐ።

"ኣልኣን ከኹርየኪ ዝጉበሮ ዘለኹ ኣይኮንኩን።" ስምዒታ ብፍላይ ድማ ንብዓታ ምስ ረኣየ ህድእ ኢሉ ከጸናንዓ ተገደደ። "ኣደኺ'ውን ብኣኺ ትሸገር ኣላ ክብለኪ ስለ ዝደለኹ'ምበር ብዛዕባኺ ሕማቕ ስለ ዝተዛረበትኒ ኣይኮነን።" ዘረባኡ ኣተዓራረየ።

"ንሳ ክኸዳ ከም ዘይትደሊ እፈልጥ'የ።" መለሰት ኣልኣን ንብዓታ ሓቢሳ ህድእ እናበለት። "ኣነ ድማ ብዘይካ ወጻኢ ካልእ ባህጊ የብለይን። ብቑልዓይ እንከለኹ 'ኣቦኺ ወጻኢ ኣሎ' እበሃል ስለ ዝበርኩ ናይ ወጻኢ ሕማም ምሳይ ዝዓበየ'ዩ። ስለዚ ሕጂ ዓድኺ ፍተዊ እንተበልኩሙኒ ከመይ ገይረ'የ ክሰምዓኩም? ኣቦኺ ሰዲዱልኪ ካብ ወጻኢ እናበለት ማማ ትህበኒ ዝበረት ብሉጽ ባምቡላታትን ክዳውንትን ኣብ ኣእምሮይ ኣሎ።" ኣዕሚቓ ኣስተንፈሰት። "ብጃኻ ሓግዘኒ ነጥሪ።"

"እሞ ኣነ ክሕግዘኪ እንተኾይነ ንስኺ'ኸ ትሕግዝኒ ዲኺ?" ዕትብ ኢሉ ሕቶ ኣቕረበላ።

"እንታይ ነጥሪ?" ብሰግኣት ጠመተቶ። ዘቕርበላ ሕቶ ልዕሊ ዓቕማ ከይከውን ሰጊኣት ነበረ። "ዝኽእሎ እንተኾይነ ክሕግዘካ'የ።"

"ፋትኤል ትፈልጥዮ እንዲኺ?"

"እወ እፈልጦ፡ እሞ ፋትኤል እንታይ?" ፋትኤል ኣብ ኣእምሮኣ ስለ ዘይነበረ 'ብዛዕባ ፋትኤል ደኣ እንታይ'ዩ ክብለኒ?' ዝብል ሓሳብ ንኣእምሮኣ ኣጨነቖ።

"ፍልጠትኩም ከመይ'ዩ?"

"ከመይ ማለትካ'ዩ?" ስለ ዘይተረድኣ ከብርሃላ ደለየት። "ዓርከይ ኣይኮነን፡ ካብዚ ወጻኢ ዘሎ ፍልጠት እንታይ ኢና ክንብሎ?"

"ናእ! ይዋዘ ኣይኮንኩን ዘለኹ ኣልኣን!" ቀምነገር ይዛረብ ከም ዘሎ ክትርድኣሉ ደለየ። "ሓደ ክትሕግዝኒ ዝደለኽዎ ጉዳይ ኣሎ። ፋትኤል ኣፍቃሪኺ ክኸውን ይልየ ኣለኹ።"

"እዋእ!" ሰንበደት ኣልኣን። "ካብ ልቢ ዘፍቅራን ክሕጽያ ዝደሊን ዓርኪ ኣላቶ እንዶ።" ምግራማን ሰንባደኣን ከይሓብኦት ሓበረቶ።

"እወ ፈሊጠ ኣለኹ። ግና ኣብዚ ዓለም ከም ዘይወሃሃዱ ፍቑራት ገይሩ ዝሕዝዞ ነገር የለን። ፋትኤል ምስ ዘይዓቕሙ ጓል'ዩ ፍቕሪ ጀሚሩ ዘሎ። እዚ ድማ ፍቕሪ ዘይኮነ ንርትዕ ኣደካ ምሳብ ኩይኑ'ዩ ዝስማዓኒ። ፍቕሪ ዕወር ኣይኮነን። እቲ ዕወር ፍቕሪ እቲ ኣብ ዘይዓቕሙ ዝኣተወ ጥራይ'ዩ። ብውረት'ውን ዝሓልፈሉ ኣይኮነን። ፋትኤል ድማ ኣብ ከምዚ ፍቕሪ'ዩ ወዲቑ ዘሎ። ዝፈትዎ ኣውቲሰታይ ስለ ዝኾነ ድማ ካብዚ ዘይዓቕሙ ፍቕሪ ክናግፎ እደሊ ኣለኹ።"

"እሞ ኣነ ድማ ዝፈትዎ ዓርኪ ኣለኒ።"

ይቕጽል

# ካብ ዝግትን

ምሕረትኣብ ፍስሃየ

## ደብል ተቦርሶ



ሓደ ሓደ ግዱሳት ስነጥበበኛታት፡ ኣብ ክንዲ ናይ ብሩኽ ሕብሪ ዝዘኦም ብምልካይ ዘይተደልየ ወጻኢታት ዝገብሩ፡ ንገለ ሕብርም ዝቐበጹን ኣብ ትሕቲኦም ዘሎ መሬት ናብ እንዳ ጎሓፍ ዝተቐየሩን ህንጻታት፡ ውሕልነት ብዝመልኦ ኣገባብን ንዓይኒ ብዝምስጡ መልክዖምን ንምጽራዮም ዝወስዱዎ ተበግሶ ብሩኽ ዝደነቐ'ዩ፡፡ እዞም ስነጥበበኛታት፡ ዚ ብሉጽ ዕዮኦም፡ ኣብ መናድቕ ናይ'ቶም ህንጻታት ወቒሮም ስለዝሰርሑዎ፡ "ንድሕሪት ዝተመልሰ ናይ መንደቕ ስእሊ" (Reverse Graffiti) ብምባል'የም ዝጽውዑዎ፡፡ እቲ መንደቕ ምስ ተወቕረ ናብ'ቲ ናይ ፈለማ ታሕተዋይ ሕብሩ ስለዝምለስ'የም ከምኡ ኢሎሞ፡፡

## ባምያ፡ ከም ፈውሲ ሕማም ሽኮር

ባምያ ብምዝውታር ሕማም ሽኮር ብቐሊሉ ክንቆጻጸር ከም እንኽእል ሰዓብም ዝተጠቕሱ ነጥቢታት ንመልከት፤

ክልተ ወይ ሰለስተ ባምያ (Okra pods/ Ladyfinger) ንቖርጦ፡፡ ካብ ማእከሉ መቲርና ኣብ ጽሩይ ማይ ዝመልአ ቢከሪ ኣሊኽናዮ ንሕደር፡፡ ንግሆ ቅድሚ ምቑርራስና፡ ነቲ ባምያ ኣውጺእና ነቲ ማይ ንስተዮ፡፡ ዚ መስርሕ'ዚ መዓልታዊ ምስ እንደጋግሞ፡ ኣብ ደምና ዘሎ ትሕዝቶ ሽኮር ንኽጐድል ይሕግዘና፡፡ ኣብ'ዚ ክስተውዕሎ ዘሎና፡ ሓደሽ ጥረ ባምያ ካብ'ቲ ዝበሰለ ባምያ ዝበለጸ ኣገልግሎት ይህበና ምዃኑ'ዩ፡፡

ሓንቲ ባምያ ብጠምጋም ካብ 20 ዘይሓልፍ ጂ.ኣይ. (Glycemic Index) ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም ኣለዎ፡፡ እዚ ከኣ ኣዝዩ ትሑት መጠን'ዩ፡፡ ስለ'ዚ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት ብባምያ ዝተሰርሐ መግቢ ክዘውትሩ ተመሪጺ'ዩ፡፡

ብዘይካ'ዚ ባምያ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከሊት ክከላኸለልና ይኽእል'ዩ፡፡ ልዑል ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም፡ ንኩሊትና ብቐሊሉ ክሃስዮ ከም ዝኽእል ዝተረጋገጸ ነገር'ዩ፡፡ በዚ ምኽንያት፡ መዓልታዊ ውሱን ዓቐን ባምያ ብምምጋብ፡ ንዓቐን ሽኮር ኣብ ደምና ንቆጻጸር ሓጋዚ'ዩ፡፡

ባምያ ብትሕዝቶ ሓቓቒ ጽሕጊ'ውን ሃብታም'ዩ፡፡ እዚ ሓቓቒ ጽሕጊ ብግይኡ ንጥዕና ኩሊት ኣዝዩ ኣገዳሲ ባእታ'ዩ፡፡ ንመስርሕ ምሕቃቕ መግቢ ብምድንጓይ ንዓቐን ሽኮር ኣብ ደምና ከጕድሎ ይኽእል እዩ'ሞ፡ ባምያ ብመጠኑ መዓልታዊ ምምጋብ ጠቓሚ'ዩ፡፡



## መስተንክር ፍጻሜ





እንዳ ኮብል ዝተባህሉ ኣሜሪካውያን ስድራ፡ ኣብ መጀመርታ 2013 ሰለስተ ደቆም (ክልተ ኣዋልድን ሓደ ወድን) ብሓደጋ መኪና ድሕሪ ምስኣኖም ሓደ ዓመት ምስ ሓለፈ፡ እታ ኣደ ሰልሰቶ (ኣብ ሓደ እዋን ዝተወልዱ ሰለስተ ህጻናት ምዃኖም'ዮም) ብምውላድ ክትክእም ምኽኣላ፡ እታ ስድራ "ተኣምራታዊት ስድራ" ኣብልዋ ኣሎ፡፡ እቲ ልዕሊ ኩሉ ዝገርም ነገር ድማ፡ እቶም ሰልሰቶ፡ ጾታኦም ልክዕ ከም'ቶም ብሓደጋ ዝጠፍኡ ኣሕዋቶም፡ ክልተ ኣዋልድን ሓደ ወድን ምዃኖም'ዩ፡፡ ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ኣዋልድን ሓደ ወድን (ብምውላድ ክትድበስ እንክሎ'ኹ ናይ ፈጣሪ ጥበብ ድኣ'ምበር ኣጋጣሚ ክትብሎ ኣይትደፍርን!

## ኣስተውዓልናለምዶ ንፈልጥ?

እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጹ ስነልቦናዊ ሕቅታት'ዮም፡፡ ንሕናኸ ኣስተውዓልናለምዶ ንፈልጥ?

=> ኣብ ውጥረት እንከሎና ክንደርፍ ምስ እንኽእል፡ ክወርደና ካብ ዝኽእል ቅዙትን ጭንቀትን ክከላኸለልና ይኽእል'ዩ፡፡

=> ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ኣብ ሂወቶም ማዕረ ዝዓቐኑ ተመሳሳሊ (Emotion) ዝምኮሩ'ኳ እንተኾኑ፡ ደቀንስትዮ ግን ዝያዳ ደቂ ተባዕትዮ ብቐንዕና ከንጸባርቓኦ ይረኣያ፡፡

=> ብሰማያዊ ቀለም እንጽሕፎም ሓሳባት፡ ካብ'ቶም ብጸሊም ቀለም እንጽሕፎም ሓሳባት ዝያዳ ተዘከርቲ'የም፡፡

=> ኣብ ልዕሊ ኣቦታተን ጽኑዕ እምነት ዘለወን ኣዋልድ፡ ኣብ ልዕሊ ኣፍቃርተን'ውን ብተመሳሳሊ ጽኑዕ እምነት ኣለወን፡፡

=> ደቂ ተባዕትዮ፡ ቀልጢፍኻ ኣብ ፍቕሪ ናይ ምውዳቕ ተኽእሎኦም ካብ ናይ ደቀንስትዮ ዝለዓለ'ዩ፡፡ ብኡኡ መጠን ከኣ ጾታዊ ዝምድና ኣብ ምምስራት ዝያዳኦን ተበግሶ ይወስዱ፡፡

=> ቅዙናት ሰባት፡ ብተደጋጋሚ ጉንፋዕ ናይ ምሕማም ተኽእሎኦም ዝለዓለ'ዩ፡፡ ብኣንጻሩ ከኣ ሕጉሳትን ህርኩታትን ሰባት ሳሕቲ'ዮም ጉንፋዕ ዝሓሙ፡፡

=> ዝሓረቑ ሰባት ዝያዳ'ቶም ሕጉሳት ሰባት፡ ብዛዕባ ከባቢኦም ኣዝዮም ጥንቁቓትን (ጽጉን በሃልትን) ሲጋእትን እዮም፡፡

## ፍልልይ ዘተን መጉተን

ዘተ ኩሉ ግዜ ካብ መጉተ ዝበለጸ'ዩ፡፡ ምኽንያቱ፡ መጉተ 'መን'ዩ ሓቀኛ?' ንምፍላጥ ዝካየድ ክርክር'ዩ፡፡ ዘተ ግን 'ኣየናይ'ዩ እቲ ቅኑዕ ሓሳብ?' ንምፍላጥ ዝግበር ምይይጥ'ዩ፡፡

## ጥቕላል ደበና


ጥቕላል ደበና ናይ ቱቦ ቅርጺ ዘለዎ፡ ሕልፈ ካልኦት ደበናታት ሰጠቕ ኢሉ ዝረአ ጋድማዊ ደበና'ዩ፡፡ ካብ ሰረገላዊ ከይቀየረ ስለ ዝጓዓዙ ድማ ዘይልወጥ ማዕበል (Solitary Wave) እናተባህሉ ይጽውዑ፡፡



ቅርጺ ዘለዎም ደበና ዝፈልዮ ነገር እንተሃልዩ፡ ነፍሲ-ወከፍ ጥቕላል ደበና ምስ ካልኦት ጥቕላላት ዝተተሓሓዘ ዘይምዃኑ'ዩ፡፡ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ሓደ ሓሳባዊ ዘንጊ ዝተጠቕለሉ ኮይኖም'የም ዝረኣዩና - ጥቕላል ደበና፡፡ ቅርጾም ይኹን ፍጥኖቶም ሓደ ካብ'ቶም ፍሉጣት ብተደጋጋሚ ዝረአ ጥቕላል ደበና፡ እቲ ኣብ ከባቢ ኩዊንስላንድ ኣውስትራልያ ዝረአ ደበና ግርማ ወጋሕታ (Morning Glory Cloud) እዩ፡፡ ብዘይካ'ዚ ናይ ጕምጕም ባሕሪ ጥቕላል ደበና፡ ኣብ ከባቢ ካሊፎርንያ፡ መትረብ እንግሊዝ፡ ደሴታት ሼትላንድ፡ ሊቱዌንያ፡ ምብራቓዊ ሩሲያ፡ ካልኦት ማያዊ ግዝኣታት ኣውስትራልያ፡ ጕምጕም ባሕሪ ኮርቴዝ ናይ ሜክሲኮ፡ ኡራጓይ፡ ዞባታት ኖቫ ስኮሺያን ኦንታርዮን ናይ ካናዳ፡ ከምኡ'ውን መጺብ ካምፖስ ዶስ ጎይታካዘስን ኮርኔል ቪቪያን ናይ ብራዚል፡ ብተደጋጋሚ'ኳ እንተዘይኮነ ሳሕቲ ዝረኣዩሉ ከባቢታት ዓለም'የም፡፡

## ዝዓበየ ባህርያዊ ቢንቶ

ኣብ ዓለምና እቲ ዝዓበየ ባህርያዊ ድልድል፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዓይኒ ካሜራ ካርታ ጉግል (Google Maps) ቅድሚ ምእታዉ፡ ፈጺሙ ተፈላጥነት ኣይነበሮን፡፡ እዚ ናይ ኣርኮ ቅርጺ ዘለዎ ቢንቶ'ዚ "ጽውጽጽዋያዊ ድልድል" (Fairy Bridge) ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ፡፡





# ገጽ ሰኒበት



ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ

## “ክብርታትና ጸልዩኒ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣነ ኣነ ንክኸውን ዘኽኣለኒ'ዩ”

መንእሰይ ሜሮን ጸጋይ

ሜሮን ጸጋይ ክፍለ ትበሃል። ኣብ 1990'ያ ኣብ ኢትዮጵያ (ኣዲስ ኣበባ) ተወሊዳ። ተማሃሪት ሳልሳይ ክፍሊ እንከላ ከም ኣካል ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ፡ ብወያነ ተሰጒጓ ትምህርታ ኣቋሪጻ፡ ናብ ኤርትራ መጺኣ። ናይ ሳልሳይን ራብዓይን ትምህርታ ኣብ ኣስመራ መባእታ ቤ/ት ሰላም ቀጺላ። ካብ 5ይ-8ይ ክፍሊ ኣብ ቤ/ት ፍረ ሰላም፡ 9ይ ክፍሊ ኣብ ቤ/ት ደንደን፡ 10-11 ኣብ ደንበ-ሰንበል ኣስመራ ተማሂራ። ናይ 12 ክፍሊ ትምህርታ ንምቕጻል ከኣ ንሳዋ ወሪዳ። ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 2009 ምሉእ ነጥቢ ረኺባ ተሸላሚት ዛግረ ኮይና። ኣብ ኮለጅ ማይ ነፍሒ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ትምህርታ ድሕሪ ምክትታል ብዓውዲ ትምህርቲ ኬሚስትሪ ብቐዳማይ ዲግሪ ብልዑል ነጥቢ (G.D)ተመሪቓ። ናይ ሎሚ ዕድምቲ ጋሻ ሰንበት'ያ ሰናይ ንባብ፦

***ጉዕዞ ትምህርትኺ ከመይ ነይሩ?**

- ካብ ኣዲስ ኣበባ ምስ መጻእኩ ኣብ ትምህርቲ ዝነበረኒ ኣረኣእያ ፍጹም ተለዊጡ'ዩ። 3ይ ክፍሊ እናተመሃርኩ እንከለኹ ኣባል ብሪቲሽ ካውንስል ላይብረሪ ነይረ።

*** ብምትብባዕን ሓገዝን ወለዲ ድዩ ወይስ. . . ?**

- ኣብ'ቲ መጀመርያ ምትብባዕን ድርኺትን ወለዲ ክህሉ ግድን'ዩ። ዓበይቲ ንፋዓት ኣሕዋተይ'ውን ነይሮምኒ እዮም። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ገዛውትና ኣብ ከባቢ ዕዳጋ ሓሙስ ስለ ዝነበረ ቀጻሊ ብዩኒቨርሲት ኣስመራ'የ ዝሓልፍ ነይረ። ነቶም ተማሃሮ ክርኢ እንከለኹ ኣዝየ እምሰጥ ምንባረይ እዝክር። ድሕሪኡ ኣብ ትምህርቲ ዝያዳ ተገዳስነት እናሕደርኩ ክሳብ ናይ ዩኒት ተዓዋቲት እኸውን ክኢለ። ኣብ'ቲ መጀመርያ ክዕወት ኢለ ዘይኮንኩስ ከም ቆልዓ መጠን ጠቕሚ ትምህርቲ ተረዲኡ ኣይኮንኩን ዘጽንዕ ነይረ።

*** ተዓዋቲት ናይ ዩኒት ዝኾንክለን ደረጃታት ትምህርቲ ?**

- ብዘይካ ኣብ 10 ክፍሊ ኣብ'ቲ እዋንቲ'ውን ሓዳስ ስለ ዝነበርኩ ብሓደ ክልተ ነጥቢ ተበሊጸ እምበር ኣብ ደንበ ሰንበል ካብ 4ይ ክፍሊ ክሳብ 11 ክፍሊ ካብ ዩኒት ቀዳመይቲ እናወጻእኩ'የ ትምህርተይ ዝቕጽል ነይረ።

***ኣገባብ ኣጸናንዓኺ ከመይ ነይሩ?**

- ንነጥቢ ኢለ ዘይኮንኩስ ምስቲ ዓይነታት ትምህርቲ ፍቕሪ ስለ ዝነበረኒ'የ።ብዛዕባ'ቲ ዝመሃሮ ኣፕሊከይሽን ክፈልጥ እፍትን። ዋላ'ውን ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜይ ክገብሮ ዘሎኒ ኮይኑ ይስምዓኒ ነይሩ።

***ሳዋ'ሞ ከመይ ረኺብክያ?**

- ናይ ሳዋ ጽቡቕ እንተዘይኮይኑ ቅር ዝብለኒ ተዘክሮ የብለይን። ከም ውልቀ ሰብ ማለት'ዩ። ኩሉ'ቲ ኣብኡ ዝጸንሓኒ ዝተጸበኹዎን ዝተዳለኹሉን'ዩ ነይሩ። ሓንቲ ዕላማ'ያ ነይረትኒ፡ ንሳ ከኣ ትምህርቲ'ያ። ኣብኡ ብምትኳር ከኣ ክዕወት ክኢለ።

***ትምህርቲ ኣብ ሳዋ ከመይ'ዩ?**

- ሕጂ'ውን ውልቃዊ ርእይቶይ'የ ክህበካ። ኣብ ሳዋ ናይ ብሓቂ ንትምህርቲ ዓንቃጺ ኮይኑ ኣይረኸብክዎን። እኳ ድኣ ኣብ ትምህርቲ ዝያዳ ክተኩርን ክግደስን ሓጊዙኒ። ከም ሰብ ከም ዝብርትዕን ከም ዝጸንዕን ንዝኾነ ብድሆታት ክስዕር ከምዝኽእልን ሳዋ ኣእሚናትኒ'ያ። እዚ ከኣ ኣብ ምሉእ ህይወትካ ክትመሃሮ ወይ ክትሙከሮ ዝግባእ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ትረኽቦ።

*** ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ምሉእ ነጥቢ ክረክብ'የ ዝብል ትጽቢት ነይሩኪ'ዶ?**

- ኣርባዕተ ነጥቢ ክረክብ ምዃነይ ፍጹም ኣይተጠራጠርኩን። ኣብ'ተን ሰለስተ ዓመት ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርተይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምሉእ ህይወተይ ዝሃነጽኩዎን ዝተጸበኹዎን'ዩ ነይሩ።

***ከምቲ ትጽቢትኪ እንተዘይከውንከ?**

- (ሰሓቕ) ጃህራ ድኣ ከይመስል'ምበር ንእንተ ኣብ ርእሰይ ቦታ ኣይነበሮን። ክበጽሖ'የ ንዝበልክዎ ክበጽሖ ምዃነይ ምሉእ እምነት ነይሩኒ።

***ካብ ኩለን ዓይነት ትምህርቲ ዝያዳ ትቐለኒ ትብልያ ኣየንይቲ'ያ?**

- እዛ ሕቶ ክትከብደኒ'ያ ። ንኹለን ዓይነት ትምህርቲ ፍሉይነተንን ኣገዳስነተንን ተረዲአ ብማዕረ'የ ዝፈትወን ነይረ። እዚኣ ትቐለኒ እዚኣ ትኸብደኒ ኢለ ከወዳድር የጸግመኒ'ዩ። ኣግሪካልቸር ግን ከይተመሃርኩዋ'የ ተፈቲነ። መጻሕፍቲ ናይ ሓወይ ኣንቢበን ኣጽኒዐን'የ ተፈቲነ። ንሳ ንወረቐተይ ቢ ከይተእትወለይ ብዙሕ ስክፍታ ነይሩኒ።

***ኮለጅ ማይ ነፍሒ ከመይ ረኺብዮ?**

- ኣብ 2009 እየ ናብዚ ኮለጅ ኣትየ። ዳርጋ ንበዝሕ ንኣሽቱ ኢና ነይርና። ደቂ 18-19 ። ንዓይ ተማሃሪት ኮለጅ ምዃን ሕልመይ ብምንባሩ ሕልመይን ባህገይን ምስ ተጋህደለ ከኣ ፍሉይ ባህታ'ዩ ተሰሚዑኒ። ከም መቐጸልታ ደረጃ ትምህርቲ'ምበር ከም ፍሉይ ጌረስ ኣይቆጸርኩዎን። ግን ከኣ ጭቡጥ ሞያዊ ዝኾነ ዓውዲ ትምህርቲ ዘጥርየሉ፡ ነቲ ክበጽሖ ዝደሊ'ውን መበገሲ ከምዝኾነ'ዩ ዝርድኣኒ ነይሩ። ኣርባዕተ ነጥቢ ሒዝካ ንካምፓስ ምእታው ከም ፍረሽ መጠን ቁሩብ ጸቕጢ ክህልዎ ግድን'ዩ። ትጽቢት ናይ ሰባት ከተማልእ'ውን ብዘይካ'ቲ እትጽበዮ ውልቃዊ ዓወታት ተወሳኺ ሓላፍነት የሰክመካ'ዩ። ከም ውልቀ ሰብ ዓቢ ሓገዝን ደገፋትን ስድራቤተይን መቕርብ ስድራቤተይን ፡ ከም ኤርትራዊት ዜጋ ከኣ ካብ ህዝበይ ዝረኸብኩዎ ዕድል ትምህርቲ ከይከፈልኩ፡ ተወሳኺ ስራሕ ከይሰራሕኩ ከም ካልእ ዓለም ኣብ ትምህርተይ ጥራይ ኣተኩረ ንኽሰርሕ ስለዝኸኣልኩ ብዙሕ ከም ዝእወድ ክርድኣኒ ጀሚሩ። ንሜሮን ጥራይ ኢልካ ምምሃር ገዲፈዮ። ከም ሰብ ከኣ ንነብሰይ ብኣካዳሚ ጥራይ ዘይኮነ ፡ ብኹሉ ዓውዲ ከማዕብላን ንመጻኢ ድልውቲ ክገብራን ጀሚረ።

*** ብኬሚስትሪ ኢኺ ተመሪቕኪ ነዚ ዓውዲ ትምህርቲ ዝመረጽክሉ ምኽንያት ግን እንታይ'ዩ?**



- እወ መሰረታዊ ለውጢ ፡ ሓድሽ ምህዞ ብመገዲ ፕዩር ሳይንስ'ዩ ዝመጽእ ኢለ'የ ዝኣምን። ኣነ ከኣ ነቲ ናተይ ዓቕሚ ክሰርሓሉን ኣብ ዓውዲ ስነ ፍልጠት ፍሉይ ኣበርክቶ ክገብርን፡ ድሌት ስለዝነበረኒ ፡ ኣብ COLLEGE OF SCIENCE DEPARTMENT OF CHEMISTRY መሪጸ።

*** ኬሚስትሪ ከም ዓውደ ትምህርቲ ትገልጽዮ?**

- ኣዝዩ መሳጢ'ዩ። ኣብ ህይወትና ተራ ኬሚስትሪ ካብ ዝደቐቐ ክሳብ'ቲ ዝዓበየ ክንርእዮ ንኽእል ኢና።

*** ገለ ኣብነት እስኪ ጥቐስልና?**

- ንኣብነት ጸዓት ክንጠቅስ ንኽእል። እቶም መዓልታዊ እንጥቀመሎም ጠለባት ከም ሳምና ፡ ዘይቲን ካልእን እዚኣቶም **ኩሎም ውጽኢት ኬሚስትሪ'ዮም።**

*** ኣብ መልቀቒ ፈተና ምሉእ ነጥቢ እንተረኺብካ ኣብ ዓውዲ ሕክምና (መዲካል) ወይ ኣብ ምህንድስና ጥራይ ምትኳር ከመይ ትርእዮ?**

- ኣቐዲመ ካብ ዝጠቐስኩልካ ምርጫ ክትግንዘቦ ትኽእል ኢኻ። ግጉይ ርድኢት'ዩ እየ ዝብሎ ኣነ ። ምኽንያቱ ኣበይ እየ ዝያዳ ከበርክት ወይ ከድምዕ ዝኽእል ድኣ ክትብል ኣሎካ 'ምበር ብድፍኢት ክኸውን የብሉን። ብናትካ ድርኺት ክኸውን ኣለዎ'የ ዝብል።

*** ዝሓለፈ ሰሙን ኢኺ ብልዑል ነጥቢ ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቕኪ ፡ እቲ ምረቓ ከመይ ነይሩ ምድላዋትኪ ከተዕልልና ?**

-PHDከይበጻሕኩትምህርቲወዲአ ክብል ኣይክእልን'የ። ብመሰረቱ ትምህርቲ መጀመርያ'ምበር መወዳእታ የብሉን። ኣብዘን ኣርባዕተ ዓመት ንቐጻሊ ክሰጉመኒ ዝኽእል መሰረታዊ ፍልጠት ቀሲመ ኣለኹ። እቲ ምረቓ ዝበልካኒ ናይ ብሓቂ ደስ ዘብል ሃዋሁ እዩ ነይሩ። ብፍላይ እቶም ጻምኦም ዝርእዩ ወለዲ'ኻን ኣዕሪኽት'ኻን ብፍስሃን ፍሽኽታን ክዕጅቡ'ኻ ክለዉ ዝስምዓካ ሓጎስ ወሰን የብሉን መመሊስካ ኣሐጉሶም'ዩ ዝመጸካ።

*** ጌና ጓል 24 ዓመት መንእሰይ ኢኺ ዘለኺ ብዘይካ'ዚ ዝተመረቕክሉ ዓውዲ ትምህርቲ ተወሳኺ እንታይ ኣሎ ከተጽንዕዮ እትደልዪ?**

- ብመገዲ ኬሚስትሪ ጌረ ባዮ ኬሚስት ክኸውን ክቱር ድሌት'ዩ ዘሎኒ። ክበጽሖ ምዃነይ ኣሚነ ከኣ እዳለወሉ ኣሎኹ። ብዘይካ ኣብ ኬሚስትሪ ኣብ ካልእ ንውልቀይ ጥራይ ተማሂረ ከምጽኦ ዝኽእል ለውጢ ስለ ዘይረኣየኒ ኣብ መንእሰያት ጸላዊ ዝኾነ ተራ ክህልወኒ እደሊ'የ ምኽንያቱ ዝኾነ ለውጢ ብትምህርቲ ስለ ዝመጽእ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ርድኢትን ፍቕሪን ከዕብዩሉ ዝኽእሉ መገዲ ኣብ ምንዳይ እርከብ። ነዚ ንምትግባር ከኣ ኣንባቢ ሰብ ጸላዊ'ዩ ኢለ ስለ ዝኣምን ዝተፈላለየ ጽሑፋት ኣብ ምንባብ ግዜይ ኣሕልፍ ኣለኹ።

*** ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን “ክብርታትና መርሓና” ብዝብል ቴማ ኣብ ሳዋ 6ይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት ክካየድ እዩ። ብወገንኪ እዚ ክብርታት ሕብረተሰብና ኣብ ትምህርቲ ዕውትቲ ንኽትኮኒ ክሳብ ክንደይ ጽልዋ ኣለዎ ትብሊ?**

- ክብርታትና ጸልዩኒ ጥራይ ዘይኮነ ኣነ ኣነ ንክኸውን ዘኽኣለኒ'ዩ። ክብርታትና ብሓፈሻ ኮስኩሱ ዘዕበየኒ'ዩ። ብውልቂ ትሓተኒ ስለ ዘለኻ'ምበር ክብርታት ሕብረተሰብና መንነትና'ዩ ኢለ ብሓንቲ ቃል ክገልጾ እመርጽ። ክብርታትካ ምዝንጋዕ ከኣ መንነትካ ምርሳዕን ምኽሓድን'ዩ። እዚ ስለዝኾነ ከኣ ኢና ክንሕብሕቦን ቀጻልነቱ ክነውሕስን ዘሎና።

*** ዳርጋ ኣብ ምውዳእ ኢና ሜሮን ከይትጸልእዮ'ምበር ገለ ምሓተትኩኺ ንመዕለሊ ክኾነና?**

- ጸገም የለን

*** ሕራይ ከም መንእሰይ መጠን ኣብ ፍቕሪ ዘለኪ ርድኢት ከመይ'ዩ?**

- እዋይ ! (ሰሓቕ) ፍቕሪ ማለት ንስኻ ንስኻ ምዃንካ ከይተሰከፍካ ምስ ካልእ ሰብ ኮይንካ ንነብስኻ ክትርእያን ክትገልጻን ዘኽእለካ ሃዋሁ ከምኡ'ውን ካብ'ቲ ዘሎ'ኻዮ ዝሓሸካ ንኽትከውን ዝድርኸካ'ዩ ኢለ ስለዝኣምን ከም ሰናይ'የ ዝርእዮ። እቲ ዝዓበየ ሕቶ ናይ ታይሚንግ ሕቶ'ዩ። መኣስን ኣበይን ዝብል'ዩ።

*** ዛጊት ብወገንኺ ብዓይኒ ፍቕሪ ዝጠመትክዮ ወይ ዝጠመተኪ...?**

- (ሰሓቕ) ሓደ ክልተ ግዜ ድኣ ገልጠምጠም ዘይተርፍ'ዩ (ኪርኪር)።

*** ነመስግነኪ ሜሮን።**

- ኣነ'ውን የቐንየለይ ።

# ስፖርት

ኤርምያስ ኣስፍሃ

## ክሳላየኩም

ዮናታን ገብርሂወት

## ኣብ ኣልኣሰር እግሩ እንከንብር፡ ርእይ ለውጢ ዘምጽአ ኣሰልጣኒ ኢሳያስ ኪዳን

ኣብ 80ታት ኣብቲ ብደረጃ ምምሕዳራት ዝቖጽር ዝነበረ ናይ ቀበሌ ውዕውዕ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ዝፈረየ፡፡ ድሒሩ ምስ ዝተፈላለየ ዓበይቲ ክለባት ዝተጻወተ ኮይኑ፡ ብፍላይ ንክለብ ኣልታሕሪር ንበዙሕ ዓመታት ብምጽዋት ዝበዝሐ ዓወታት ዝተቐደሰ ስፖርታዊ'ዩ፡፡ ካብ 2001 ዓ.ም ጀሚሩ ንዝተፈላለየ ክለባት ሓ/ምክልኻል ድሕሪ ምስልጣኑ ኣብዚ ሕጂ እዋን ንዓበይቲ ክለባት ሃገርና ብምስልጣን ይጽዕሎ - ኣቶ ኢሳያስ ኪዳን፡፡

ኢሳያስ ኣብ ጉዳይፍ - ኣስመራ ብ1969 ተወሊዱ ዝዓበየ ኮይኑ፡ ከም ኩሎም መሳቱኡ ኣብ ከባቢ ገዛውቱ ብሽዕሶ ጨርቂ ክጻወት ጀመረ፡፡ ቀድሚ ናጽነት ኣብቲ ብምምሕዳራት ተወዲቡ ዝቖጽር ዝነበረ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ንምምሕዳር ከባቢ (ቀበሌ)ኡ ወኪሉ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግጥማት ሸቶታት ብምምዝጋብን ኣንጸባራቒ ጸወታ ብምኽያድን ስሙ ክጸውዕ ጀሚሩ፡፡

ሽዑ እዋን ኣሰልጣኒ ናይታ ክኣብ ቀበሌኦም ብሉጻት ኮይኖም ንዝወጽኡ ተጻወትቲ ኣብ ትሕቲኣ ብምጥርናፍ ትፍለጥ ዝነበረት ዓባይ ክለብ ኣዱሊስ ዝነበረ ኣቶ ተኪኤ ኣብርሃ ንኹነታት ኣጻዋውታ ኢሳያስ ብቐጻሊ ይከታተሎ ስለዝነበረ ኣብ 1987 ናብ'ታ ጋንታ ክምዝጽንበር ገበረ፡፡ ምስቶም ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ዓበይቲ ተጻወትቲ ኣዱሊስ ብምስላፍ ኣንጻር ምኩራት ተጻወትቲን ዓበይቲ ጋንታታትን ማራኺ ጸወታ ብምንጽብራቕ ኣሃዱ ኣሉ ናይ 1ይ ዲቪዝዮን ጸወታኡ ፈለመ፡፡

ኢሳያስ ጎድኒ- ጎድኒ ናይ ኩዕሶ ሞያኡ፡ ምዱብ ናይ ምምሕዳር ሰራሕተኛ ፋብሪካ ዓለባ ብምንባሩ፡ ካብ 1988 ክሳብ 1989 ንክለብ ፋብሪካ ዓለባ ብምውካል፡ ዓንዲ ሕቆ ኾይኑ ካብቶም ኮኾብ ኣመዝጋቢ ሸቶታት ቀዳሞት ተጠማቲ ነይሩ፡፡

ብድሕሪኡ ኢሳያስ፡ ብ1990 ምስታ ብዝበለጸት ተጻወትቲ ተጠርኒፋ ኣዝዩ ብሉጽን ማራኺን ጸወታ ብምንጽብራቕ ትልለ ዝነበረት ዓባይ ክለብ ፖሊስ ኤርትራ (ድሕሪ ናጽነት ኣልታሕሪር ዝተሰምየት) ተጸንበረ፡፡ ንሱ፡ ብፍጥነትን ኩዕሶ ብምኹብካብን ንመጋጥምቱ ብምሕላፍ ናብ ከባቢ ልዳት ኣንጻር ጋንታ ብምእታውን ዝልለ ዝነበረ ተጻዋታይ'ዩ፡፡

ኣብ'ታ ክለብ ብዘርኣዮ ዝነበረ ኣዝዩ መሳጢ ብቕዓት ንሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ንኽምረጽ ግዜ ኣይወሰደሉን፡፡ ኣብ 1990 ነታ ሕርይቲ ጋንታ ብምውካል ድማ እቲ ዝኣሰ ተጻዋታይ ብምኳን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ገጢሙ፡፡

ኢሳያስ ኣብ መጀመርታ ናጽነት፡ ኣብ ጸወታ ዓይኑ ብኸቢድ ብምህራሙ ካብቲ ዝወጠኖ መደባት ስለዝተሰናኸሎ ካብቲ ዘርኣዮ ኣጋጣሚ ከምዝነበረ ክዩጠቕስ ኣይተረፈን፡፡ ኣብ ዓይኑ ዘጋጠሞ ማህሰይቲ መጠናዊ ምምሕያሽ ስለዝርኣየ፡ ድሕሪ ናጽነት ምስ'ቶም ሕጂ ብሂወት ዘየለዉ ናይ ወትሩ ብሉጻት ተጻወትቲ ነፍሰሄር የማነ ዞማኪኤልን ነፍሰሄር ኤፍሬም መለስ (ወደ'ልጫ)ን ብሓባር ኣብ መስመር መጥቃዕቲን እናኣከፋፈልካ ኣብ ናይ ምጥቃዕ ቦታታት ብምስታፍን ኣዝዩ ኣንጸባራቒ ዓወታት ብምምዝጋብ ዋናጩ ክዕትዕት ክኢሉ'ዩ፡፡




ኢሳያስ፡ ነታ ንመጀመርታ ግዜ ዝተዳለወት ዋንጫ ናጽነት፡ ምስ ጋንታኡ ብምኳን ኢዱ ስለዘንበረላ፡ ነታ ንፈለማ እዋን ኣህጉራዊ ምሕዝነታዊ ግጥም ከተካይድ ናብ ኤርትራ ዝኣተወት ሱዳናዊት ክለብ ኣልሂላል ንምግጣም ዕድል ረኸበ፡፡ ነቲ ግጥም 2-ብ0 ኣብ ዝተዓወትሉ፡ ነታ ወሳኒት ናይ መጀመርታ ሸቶ ብምምዝጋቡ፡ ድሕሪ ናጽነት ቦኽሪ ኣህጉራዊት ሸቶ ዘመዝገበ ተጻዋታይ ክኸውን በቒዑ፡፡

ስፖርታዊ ኢሳያስ ኣብ 1992/93 ኣብ ዝተዳለወ ናይ መጀመርታ ውድድር ሻምፕዮን ኤርትራ፡ ምስ ኣልታሕሪር ኣኽሊል ደፊኡ፡፡ ቀጺሉ ኣብ መፋርቕ 1993 ምስ'ታ ጋንታ ንሱዳን ብምጋሹ ኣንጻር ዓበይቲ ክለባት ሱዳን - ኣልሂላልን ኣልመሪኽን ከምኡ'ውን ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ኢትዮጵያ ብምጽዋት ስሙን ስም ሃገሩን ኣጻዊዑ፡ ተመክሮታት'ውን ደለበ፡፡ ኣብ 1994 ኣብ ብርኩ ብዘጋጠሞ ከቢድ ማህሰይቲ ን6 ወርሒ መመላእታ ካብ ጸወታ ክእለ ተገዲዱ፡፡ ጸኒሑ ደሓን ምምሕያሽ ስለዝርኣየ ግን እንደገና ናብ ጸወታ ተመሊሱ ብሉጽ ምንቅስቓስ ክርኢ ጀሚሩ፡፡

ኣልታሕሪር ክሳብ 1997 ዝተፈላለየ ዓወታት ክትጎናጸፍ መሪሕ ተራ ዝተጻወተ ኢሳያስ፡ ናይ ዓይኑን ብርኩን ማህረምቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ስቅያት ይፈጥረሉ ስለዝነበረ፡ ኣብቲ ብመገዲ ክለቡን ትምህርቱን ካብ 1992 ዝተመደበሉ ናይ ቴሪዝም ስርሑ ብምንጣፍ፡ ኣብ መጀመርታ 1998 ጠቕሊሉ ካብ ምጽዋት ኩዕሶ እግሪ ተፋንዩ፡፡

ብድሕሪኡ ኣብ 1999 ግቡኡ ንምፍጻም ንሳዋ ወሪዱ፡፡ ኣብቲ ዝተመደበሉ ኣሃዱ ብቐጥታ ናብ ሞያ ምስልጣን ድማ ኣተወ፡፡ መተካን ሓበሬታን ንኽንሰን ሚ/ኒ/ ምክልኻል፡ ብሞያኡ ክሰርሕ ጥጡሕ ባይታ ስለዝፈጠረሉ ዝተፈላለየ ካብ መጀኢታ ክሳብ ዝለዓለ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ወሲዱ፡፡ ከምኡ'ውን ንሞያ ምስልጣን ዝሕግዝ ተወሳኺ፡ ምሕደራ ስፖርትን ምሕደራ ክለብን ዝጠቓለለ ስልጠናታት ወሲዱ፡፡

ኢሳያስ ንዝተፈላለያ ጋንታታት ሓ/ ምክልኻል ብፍላይ ንጋንታ ሓሬና ንዓመታት ከም ኣሰልጣኒ ኾይኑ ዝተፈላለየ ዓወታት ተጎናጺፉ'ዩ፡፡ ካብ 2006 ጀሚሩ ድማ ነታ ንመላእ ሚኒ/ ምክልኻል እትውክል ክለብ ደንደን ከም ሓላፊ ቴክኒክ ኮይኑ ክሰርሕ ተመዚዙ፡፡ ኣብቲ እዋን ምስ ዝነበረ ጉዳም ኣሰልጣኒን ኢንስትራክተርን ኣቶ ናጽነት ያሬድ ንኣስታት 5 ዓመታት ክሰርሕ ዕድል ምርካቡ፡ ካብቲ ምኩር ኣሰልጣኒ ብዙሕ ከምዝተማህረን ዚ ዝሰርሓሉ ዘሎ ሞያ ከምዝሓገዞን ድማ ይጠቕስ፡፡

ሊግ ኤርትራ ካብ ዝጀምር ንኽልተ ዓመት ምስ ክለብ ደንደን፡ ንኽልተ ዓመት ድማ ንክለብ ኣልኣሰር ብዝይምቁራጽ ዝመርሐ ኢሳያስ፡ ብፍላይ ኣብ ዓመት- ውድድር 2012/13 ነታ 5 ነጥቢ ጥራይ ብምውህሃል ኣብ መጨረሽታ ሰሌዳ ተርታ ሊግ ኤርትራ ተሰሪዓ ዝነበረት ዓባይ ክለብ ኣልኣሰር፡ ኣብ ካልኣይ ዙርያ ምስ ተረከበ ንኹለን መጋጥምታ ብሓፈሻ ንኣርባዕተ ዓበይቲ ክለባት ዞባ ማእከል ድማ ብፍላይ ብምስዓር፡ እቲ ዝበዝሐ ነጥቢ ናይ ካልኣይ ዙርያ ብምውህሃል፡ ካብቲ ዝነበረቶ ዳሕረዋይ ደረጃ ናብ 5ይ ተርታ ክትዛለል ዘበቅዓ'ዩ፡፡ እዚ ፍጻመ'ዚ፡ ርእይ ለውጢ ኣልኣሰር ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ኮይኑ ብምምዝጋቡ፡ ኢሳያስ ልዕሊ ካልእ ግዜ ስሙ ደሚቑ'ዩ፡፡

ኣብ ተኸታታሊ ሃገራዊ ሊግ ብምስታፍ ተመክሮ ዝደለበን ሞያኡ ንምዕባይ ዝጽዕት ዘሎን ኢሳያስ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ውሉድን'ዩ፡፡

## ናስሪ - ብስለት፡ መሳዝንት፡ ቅልጣፈን ዝውንን ተጻዋታይ



26 ሰነ 1987 ኣብ ፈረንሳ ዝተወልደ፡ ኣልጀርያዊ መበቆል ዘለዎ ሓያል ናይ ፍርቂ ሜዳ ኣጥቃዓይን እዩ - ሳሚር ናስሪ፡፡

እዚ ተኽእላዊ ብስለት፡ መሳዝንት፡ ቅልጣፈን ንጸወታ ናይ ምንባብ ክእለትን ዝመለልዩኡ'ሞ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣባል እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ሲቲን ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳን ብምኳን ካብ ከምኹብቲ ኩዕሶ እግሪ ዝኾነ ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ፡ ዋላ'ኳ ብቐዳምነት ከም ናይ ፍርቂ ሜዳ ኣጥቃዓይን ናይ ክንፈን ኮይኑ ዝጻወት ይኹን፡ ናይ ምትዕጽጻፍ ክእለት ስለ ዝውንን ኣብ ማእከል ፍርቂ ሜዳ ክጻወት'ውን ምንም ዝጸገሞ የለን፡፡

ናስሪ፡ ወዲ ትሽዓተ ዓመት ምስ ኮነ ምስታ ኣብ ትውልዲ ከተማኡ እትርከብ ክለብ ኦሎምፒክ ደ ማርሰይ ተጸንበሩ ንሽውዓተ ዓመታት ዝኣክል ኣብ ናይ መንእሰያት ስፖርት ኣካዳሚኣ ክኸሰኩሰን ክእለቱ ከማዕብልን ጸኒሑ፡፡

ናስሪ ኣብ 17 ዓመቱ ንፈለማ እዋኑ ኣብ ማስከረም 2004 ፕሮፈሽናል ጸወታ ጀሚሩ፡፡ ኣብቲ ዝሰዓበ ወቕቲ 2005 -6 ጀሚሩ ግን ድማ ምዱብ ተጻዋታይ ኮይኑ ኣብ ውድድር ዋንጫ UEFA ክሳተፍ ክኣለ፡ ብድሕሪ'ዚ ኸኣ'ዩ ብዘርኣዮ ርቀት ዝመልአ ማራኺ ጸወታን ክእለትን ዝንኣሰ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ 2006/7 ተባሂሉ ተዓዊቲ ሽልማት ሃገራዊ ማሕበር ሞያውያን ተጻወቲ ኩዕሶ እግሪ ክኸውንን ምስታ ናይቲ ዓመት ምርጽቲ ጋንታ ክርቋሕን ዝበቅዐ፡፡

ናስሪ ኣብ ሰነ 2008 ምስ ኣባል ፕሪምየር ሊግ ዝኾነት ዓባይ ክለብ ኣርሰናል ንኣርባዕተ ዓመታት ምስኣ ዘጽንሖ ውዕል ከተመ፡፡ ናብ ኣርሰናል ምስ ተጸንበረ ኣብ ሳልሳይ ወቕቱ ኣብ ሰለስተ ኣጋጣሚታት ኻይ ወርሒ ናይ ብሉጽ - ብሉጻት ኮይኑ ብምርካቡ ብማሕበር ሞያውያን ኩዕሶ እግሪ (PFA) ንዝወሃብ ሽልማት ክዓትር ኣብ ርእሲ ከኣለ፡፡

ኣብ 2010 እምብዛ መሳጢ ብዘኾነ ጥቡብ ኣጻውታኡ ዘርኣዮ ንልቢ መጸርድቱ ከይተረፈ ዘሀከ ብሉጽ ጸወታን ዕዙዝ ኣበርክቶን ድማ ንናይ ቸልሲ ናይ ፍርቂ ሜዳ ኮኾብ ፍሎረንት ማሉዳን ናይ ልየን ሓላው ልዳት ሁጎ ሎሪስን በሊጹ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ፈረንሳ ተባሂሉ ክሽለም ዝኸኣለን ድሕሪ ቴሪ ሄንሪ ኣብ 2006 ዚ ረዚን ክብሪ ዝበቅዐን ናይ መጀመርታ ተጻዋታይ ኣርሰናል'ዩ፡፡

ናይ ናስሪ ቅያ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን፡፡ ኣብ 2011 ምስ ኣርሰናል ንሰለስተ ወቕቲታት ጸኒሑ ብኣስታት 25 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ማንቸስተር ሲቲ ግዒዙ፡፡

ኣብ 2 መጋቢት 2014 ማንቸስተር ሲቲ ንሳንደርላንድ ኣብ መዛዘሚ ግጥም ዋንጫ ሊግ ኩዕሶ እግሪ 3-ብ1 ክትረትዓ ከሎ፡ ኣመዝጋቢ'ታ ካልኣይቲ ሸቶ ዝነበረ ናስሪ፡ በቲ ሽዑ ዘርኣዮ ድንቂ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ኮይኑ ብምርካቡ ሽልማት ኣላን ሃርዳክር ዓቲሩ፡፡

ናስሪ፡ ካብ ሓያሎ ዓመታት ኣትሒዙ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ብምስላፍ ንሃገሩ ዝበርኾ ኣበርክቶ'ውን ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ኣብ 2004 ፈረንሳ ብናይ ትሕቲ 17 ዓመት ናይ ኤውሮጳ ሻምፕዮና ኮይና ኣኽሊል ዴል ክትደፍእ ናስሪ ዝተጻወቶ ተራ ዓቢይ ነበረ፡፡

ኣብ መጋቢት 2007 ኣንጻር ኦስትርያ ኣብ ዝተኻየደ ምሕዝነታዊ ግጥም ኣንጸባራቒ ግደ ክዐብሮ ከሎ ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ ኣብ ውድድር ዩሮ UEFA 2008 ሃገሩ ምስ ጆርጅያ ኣብ ዝተጋጠመትሉን 1-ብ0 ዝተዓወተትሉን ጸወታ ካብ ተዓዚቢ ኣድናቖት ዘትረፈት እንኮን ጽብቕትን ኣህጉራዊት ሸቶ ዘመዝገበ'ውን ናስሪ ነበረ፡፡


ናስሪ ኣብ መእተዊ ከም ዝተኣመተ ኣብ ጎደቦ ማርሰይ ፣ ኣልጀርያዊ መበቆል ካብ ዘለዎም ናይ ፈረንሳ ዜጋታት'ዩ ተወሊዱ፡፡ ኣደኡ ኡዋሲላ በን ሰይድን ኣቦኡ ዓብደልሓፈድ ናስሪን'ውን ሽሕ ኣልጀርያዊ መበቆል ይሃልዎም ከምኡ ኣብ ፈረንሳ ተወሊዶም ዝዓበዩ'የም፡፡ ኡዋሲላ ናይ ገዛ እመቤት ክትከውን ከሎ ዓብደልሓፈድ ድማ ቀድሚ ውልቃዊ ማናጀር ናይ ወዱ (ናስሪ) ምኳኑ መራሒ ኣውቶቡስ ነበረ፡፡ እዚ ኣሰር ወለዱ ብምኽታል ሰዓቢ እምነት ምስልምና ዝኾነ ሳሚር ናስሪ ደሓር'ዩ ብስም ስድራ ናይ ኣቦኡ ናስሪ ክጽዋዕ ጀሚሩ'ምበር ፍልማይ ስሙ ብናይ ኣደኡ ወገን ቤን ሰይድ እዩ ዝበሃል ነይሩ፡፡



# ሰንበት ምስ ቆልዑ

ሰናይ ዮናስ





## ወግዒ ኣቦይ ያሲን

ኣሰላሙ'ዓሌኩም ፍቱዋት ደቀይ! ከመይ ቀኒኹም? ኣብ ምህሮ ተጸሚዱ ዝሓለፍ ኣእምሮኹም እተዕርፉሉ እዋን ክረምቲ ኮይኑ'ሎ። እዋን ክረምቲ ንዘቐጽል ደረጃ ትምህርቲ እትዳለዉሉ ድኣ'ምበር ኣብ ጸወታን ፈንጠዝያን ጥራይ ክተሕልፍዎ የብልኩምን። ጸወታን ምዝንጋዕን'ኳ ጸቡቕ'ዩ። ከምቲ መዓር እንተበዝሐ ይመርር ዝበሃል ግን ንኹሉ ዓቐን ክህልዎ ኣለዎ። ናይ ጸወታ ካብ ተላዕለ ግን ሓደ ነገር ትዝ ኢሉኒ። ካብ ቀደም ዝርእዮ ግን ብዙሕ ኣቕለቡሉ ዘይፈልጥ'ዩ። ገለ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዝኾኑ ቆልዑ ብደምም እናተቐባበሉ ዝጻወቱዎ'ዩ። ንሓንቲ ክቡብ ዝበለት ነገር እናቐልዑ ቤታ ከፋት ቦታ ከም'እትሓልፍ ይገብሩ፡፡እዚ ጸወታ'ዚ ኑየም ቆልዑ ምሉእ ኣቓልቦኦም ዝስሕብ ጥራይ ዘይኮነ ብዙሕ ሰዓታት'ውን ዝወስድ'ዩ። ዝሰሓተ ኣይዕወትን ቤታ ክፋት ቦታ ዘሕለፈ ግን ይስዕር። እቲ ጸወታ ብጥራዩ'ዩ ዝማስለ ነይሩ። ብገዝዙብ ምኽኑ ምስ ፈለጥኩ ግን ኣሰደማሚሙኒ። "እንታይ'ዩ'ዚ ትጻወቱዎ ዘለኹም?" ምስ በልክዎም " እዚ ቻሩ'ዩ ዝበሃል ቡቲኣ ዘሕለፈ ከኣ ይብልዕ ማለት'ዩ" ኢሎሚ በኡዳዎም እናመልከቱ። "እንታይ'ዩ ዝበልዕ?" ምስ በልክዎም ፡ እታ ሕቶ ኣይፈተዉዋን ኣራእሶም እናደኾ ሃንሓድሕዶም ተጠማመቱ፡፡ፍቱዋት ደቀይ ጸወታ ጸቡቕ'ኳ እንተኾነ ንጠንቀምቀም ዝዕድም ግን ክኸውን የብሉን። እዛ "ቻሩ" ትበሃል ጸወታ ቅድወቲ ኣይኮነትን ከም ጸወታ'ውን ኣይትጽብጸብን'ያ ማዛዘ ያብዝሕ። ምኽንያቱ ቅድም ቀዳድም ብሰልዲ ምኻና እቲ ሰልዲ ካበይ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። እንተረኺቦካ ረኺቦካ ኣይረኸብካን ከኣ ናብ ጠንቀምቀም ተእትዋ፣ ካልኣይ ነገር ብየበኡ ነዊሕ ግዜ እትቐትል ብምኻና ግዜኻ ኣብ ቁምነገር ካብ ምውዓል ትዕንቅፍ፣ እቲ ሳልሳይ ከኣ ንሳእንኻ ተእርግ'ያ፣ ንኸቡብ'ውን ሰላም ትህብ ኣይኮነትን ፡ ካልእ'ውን ሃሰስ ኢልካ ኣይሰኣንን፣ ብሓጺሩ ፍቱዋት ደቀይ እዛ "ቻሩ ትበሃል ማዛዘ ዝጸሕ ስለ ዝኾነ ከም ጸወታ'ውን ኣይትጽብጸብዋ። ንኣካላትኩም ዘይልድልን ንኣእምሮኹም ዘሐድስን ከም ኩዕሶ እግሪ ፡ ዝኣመሰለ ዓይነት ጸወታ እንተዘውተርኩም ጸቡቕ'ዩ። ንሱ'ውን ብሰልዲ ኣይትግበሩዎ። ሰልዲ መታለሊ'ዩ ዓቢኹም ሰሪሕ ምስ ሓዘኩም ተረኽቡሉ!







## ብሂል እንስሳታት

"ንዒይ ነንጪዋስ ናብ ለቓታ" (ኣንጭዋ)

"ቆርበት ኣንጸፉለይ" (ዝብኢ)

"ቀደም ብጽፍረይ ሕጂ ብጽፍረይ" (ጫቕዊት)

"ንብላዕ እንተበልኩም ንብላዕ ኣይንብላዕ እንተበልኩም ንብላዕ" (ዝብኢ)

"ክንደይ ዓቕብ ዘይጠረጥና" (ኣድጊ)

## ገለ ካብ ክብርታትና

ጽንዓት
ተወፋይነት
ጅግንነት
ብጻይነት
ኒሕ
ሓቦ
ምትሕግጋዝ
ሓርኮትኮት ምባል
ርእሰኻ ምኽኣል
ትሰፋው ምኳን



## ሌላ ምስ ሃብሮም

ኸሚኢል ኣልሓሰን ሙሓመድ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣልኣመል ኣልንሙዝጂያ (ጃልያ) እያ 8ይ ክፍሊ እትመሃል እትመሃር። ኸሚኢል ጓል 13 ዓመት ኮይና ሓንቲ ካብ'ቶም ብትምህርቶምን ጠባዮምን ዝምስገኑ ተማሃሮ'ያ። ኸሚኢል ብፍላይ ካብ ካልኣይ ክፍሊ ክሳብ 8ይ ካብ ፍሉይ ቀዳመይቲ ወጺኣ። ምስኣ ዝገበርናዮ ሓጺር ዕላል ኣሎ።

* ስለምንታይ ኢኺ ንፍዕቲ ኮይንኪ ኸሚኢል?

\- ኣብ ትምህርተይ ስለ ዝግደስ ዘጽንዓሉን ዝዘናግዓሉን ግዜ ከኣ ስለ ዝፈሊ።

*ኣብ ትምህርቲ ይግደስ ክትብሊ ከለኺ ግን ከመይ ማለት'ዩ?

\- እ . . . ዘዘተማሃርኩዎ ኣብ ግዜኡ'የ ዘጽንዖ ሰቕ ኢለ ኣይሓልፎን'የ ፡ ፈተና ክሳብ ዝቐርብሲ ኣይጸበን'የ። ዕዮ ገዛ ኣብ እዋኑ'የ ዝሰርሖ ፡ ዘይተረድኣኒ ይሓትት'የ። ኣብ ትምህርቲ እንተኾይኑ ንመምህር ካብ ትምህርቲ ወጻኢ እንተኾይኑ ከኣ ንወለደይ ንመሓዙተይ ከኣ እሓትት'የ። ኣብ ትምህርቲ ከኣ ኣብ ሰዓተይ'የ ዝርከብ ኣይደንጉን'የ ኣብኩረ ከኣ ኣይፈልጥን'የ ።

* መኣስ መኣስ ኢኺ ተጽንዒ?

\- ንግሆ ካብ ሰዓት ሸሞንተ ክሳብ ሰዓት ትሽዓተ ገዛ የለዓዕል። ካብ ሰዓት ትሽዓተ ክሳብ ሰዓት ዓሰርተ ሓደ ከኣ የጽንዕ፡ ምሸት ምሸት ከኣ ዕዮ ገዛ ይሰርሕ።

* በይንኺ ዲኺ ተጽንዒ ?

\- በይነይ የጽንዕ'የ ምስ መሓዙተይ ከኣ የጽንዕ'የ።

* በይንኻ ምጽናዕዶ ይበልጽ ምስ መሓዙትካ?

\- ምስ መሓዙትካ ይበልጽ። ምኽንያቱ ንስኻ ዘይትፈልጦ ካልኦት ክፈልጥዎ ይኽእሉ'ዮም። ምትሕትታት ጸቡቕ'ዩ። ከምዚ ዘይትገብር እንተኾይንካ ክትፍዕ ኣይትኽእልን ኢኻ።

* ወለድኺ ኣብ ትምህርትኺ ንኽትፍዒ እንታይ ይሕግዙኺ?

\- ወለደይ እናተበራረዩ ናብ ቤት ትምህርተይ እናመጹ ይከታተሉኒ'ዮም። ሎሚ እንታይ ተማሂርኪ ይብሉኒ። ዘይተረድኣኒ እንተሎ ይሓቱኒ። ተወሳኺ ናይ ብኢንግሊሽን ዓረብን ዝተጻሕፈ ዛንታታት ዘለዎ መጻሕፍቲ ይገዝኡለይ እዮም።

* ተወሳኺ መጻሕፍቲ ንምንታይ ይጠቅም?

\- ቋንቋታት ኽትፈልጥ ይሕግዙ፣ ቋንቋ ከኣ ብምንባብን ምስምዓን'ዩ ዝኸኣል።

*ካልእ'ከ?

ካልእ ከኣ ታሪኽ ናይ ሃገርካን ናይ ዓለምን ንኽትፈልጥ ይሕግዙ።

*እቲ ትመሃርዮ ይኹን ካብ'ቲ ተወሳኺ መጻሕፍቲ ትረኽብዮ ፍልጠት ንብይንኺ ጥራይ ዲኺ ትጥቀምሉ ወይስ ንኻልኦት ከኣ ተካፍሊ ኢኺ?

\- ሰሚሕ ትበሃል 4ይ ክፍሊ ትመሃር ሓፍተይ የረድኣ'የ።ኑየም ኣብ'ቲ ጎረባብትና ዘለዉ ቆልዑ'ውን የረድኦም'የ።

*ኣብዚ ናይ ክረምቲ እዋን እንታይ ትገብሪ ኣለኺ?

\- ናይ ታሽዓይ ክፍሊ መጻሕፍቲ የንብብ ኣለኹ። ሰሁይ ከኣ ናይ ኮምፒተር ትምህርቲ ክጅምር'የ።

* ኣብ መጻኢ እንታይ ክትኮኒ ኢኺ ትደልዪ ?

\- ኢሌክትሮኒካል ኢንጂኔሪንግ ክጽንዕ'የ ዝደሊ?

* ስለምንታይ ኢኺ ነዚ መሪጽኪ?

\- ዓለም ከኣ ብኤሌክትሮኒክ ትምዕብል ስለ ዘላ ንዕኡ መሪጸ።

* የቐንየልና ኸሚኢል።

\- ሽክረን!

## እንታይ ትርእዩ ኣለኹም? ኣተኩርኩም ጠምቱ!

